ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.9 | ሓሙስ 11 መስከረም 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ማሕበራዊ ዝምድናታት ዝጎደሎ፡ ዘይመጣጠን ምዕባለ



ገጽ 5
ዕባይ ክልተ ስድራ



ገጽ 8
ሕጉስ ስድራቤት፡ መሰረት ርጉእ ሕብረተሰብ



ገጽ 11
ደባርዋ - ዕወታት ስፖርታውያን ተተባቢዖም



# ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ፡ ብምኽንያት ቅዱስ ዮሃንስ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም




ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ቅዱስ ዮሃንስ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ ኣብ መልእኽቶም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ንዝነብሩ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ንመእመናን ድማ ብፍላይ "እንቋዕ ካብ ዘመነ ማቴዎስ ናብ ዘመነ ማርቆስ ብሰላም ኣብጽሓኩም" ብምባል ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ኣብ መግለጺኦም ኣስዒቦም፡ ንታሪኻዊ ትርጉምን ኣገዳስነትን'ቲ በዓል ዘምልክት መብርሂ ብምሃብ፡ በዓል ቅዱስ ዮሃንስ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ብሉይ ናብ ሓድሽ፡ ካብ ዘመነ ኮኸቤ ናብ ዘመነ ምሕረት እንሰጋገረሉ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዚ መሰረት ብምግባር ካብ ክፉእ ርሒቕና፡ ብቐንዕናን ሓቅን በዓልና ክነብዕሎን ከነኽብሮን መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ብተወሳኺ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ዘመነ ማርቆስ፡ ኣእምሮና ብምሕዳስ ክንልወጥ፡ ግዜና ብኣግባብ ክንጥቀመሉ፡ ካብ ጌጋታትና ክንእረም፡ ንገዛእ ርእስናን ሕብረተሰብናን ዝጠቅም ሰናይን ቅዱስን ሓሳባት ሒዝና፡ ንሓጢኣት ብጽድቂ ንትህኪት ብትግሃት፡ ንድንቁርና ብፍልጠት፡ ንጽልኢ ብፍቕሪ ቀይርና - መንፈሳውን ስጋውን ህይወትና ክንመርሕ ኣዘኻኺሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ መንፈሳዊ በዓላትና ክርስትያናዊ ስነ-ምግባር ንፍጽመሉ ስለዝኾኑ፡ ፍቕራ ተሰኢኑ ሓድነትን ተዓጢቕና፡ ንጥሙያት ክነዕንግል፡ ንዕሩቓት ክንክድን፡ ንዝሓመሙ ክንበጽሕ፡ ንዝሓዘኑ ከጸናንዕ፡ ንዘኽታማት ክንሕብሕብ፡ ረዳእን ጠዋርን ንዘይብሎም ድማ ካብቲ ዘሎና ክንሕግዝ ተማሕጺኖም።

ኣብ መወዳእታ ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ፡ ልዑል እግዚኣብሄር ሃገርናን ማህደርናን ክባርኽ፡ ዘመነ ማርቆስ ናይ ልምዓትን ብልጽግናን፡ ናይ ሰላምን ፍቕርን ዓመት ክንብረልና፡ ከምኡ'ውን ቀውዒ ሉም ዘመን ብርኩት ምህርቲ ዝሕፈሶ ክኸውን ተመንዮም።

(ምሉእ ትሕዝቶ ቃለ-ቡራኬ ብጹእነቶም ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)

# መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ ብኣድማዕነት ክስረሓሉ መዘኻኸሪ ቀረቡ



መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምምሕያሽ ወጽኢት ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ምዕቃብን ምምዕባልን ክብርታት ዘለዎ ኣገዳስነት ተረጂኡ፡ ብኣድማዕነት ክስረሓሉ፡ ብ5 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ ዞባ ማእከል - 2025 ተሓቢሩ።

ኣብቲ ሰብ መዚ መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መምህራንን ዕዱማትን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ኣብ ዓመት- ትምህርቲ 2022 ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ብ405 ተጠቀምቲ ተመሃሮ ዝፈለመ መደብ፡ በቢእዋኑ ብዝተቐሰመ ተመኩሮ፡ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2024-25 ዝርገሐኡ ናብ 101 ኣብያተ ትምህርቲ ከምዝሰፍሐ፡ ቁጽሪ ተረባሕቲ ተመሃሮ ድማ ናብ ልዕሊ 20 ሽሕ ክብ ከምዝበለ ሓቢሩ።

መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ ዓመት 2025፡ ብወለንታውያን ተመሃሮ ምፅማሙን ካብ ናይ ዝሓለፈ፡ እዋን ናይ ግዜ ወሰኽ ብምጥማሩን ፍሉይነት ከምዝነበሮ ብምሕባር ድማ፡ ገዲ ገዲ እቲ ትምህርታዊ ሓገዝ፡ ብምምሉኡ ተወዳቢ ዝተዋህበን ርድኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራውነት ዘበርኽን ኣስተምህሮ ወጽኢታዊ ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ዕላማ ናይ'ቲ ብጸ ዝተዋህበ ኣገልግሎት፡ ኣብ መጀመርታ ደረጃ ብፍላይ ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ቁጽሪ፡ እንግሊዝን ትግርኛን ኣብ ተመሃሮ ዝርአ ድኽመት ንምእራም ምኻኑ ዝሓበረ መምህር በላይ፡ ተመሳሲ ተበግሶ ዓይነታዊ ትምህርቲ ንምምሕያሽ ኣበርክቶ ከምዝለዎን ናብ ዞባታት ብምስፋሕ ክስረሓሉን ኣገዳሲ ምኻኑ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ክረምታዊ ትምህርቲ ማሕበር ምትሕብባር ቀዳማይ ዘርያ ኣቶ ኣሰመሮም በርሀ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ክፍጸ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ባህሎምን ታሪኾምን ንኽፈልጡ ደራኺ ምንባሩ ኣጺሩ።

"መምህር መብራህቲ ሕብረተሰበይ" ዝብል ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣገዳስነት ትምህርቲ ብዝግባእ ከምዝገንዘበን ኣኽብሮት ሞያ ምምህርና ከምዘለዎን ብምዝኻኻር፡ መንእሰያት ነቲ ሰናይ ተግባር ክስዕብዎ ተማሕጺኑ።

ወለንታውያን መምህራንን ኣባላት ቀዳማይ ዘርያን ንኣሪና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ ድማ፡ መደብ ክረምታዊ ትምህርቲ ካብ ዘለዎ ደረጃ ብዝሰፍሐን ብዝበለጸን ኣግባብ ክስረሓሉ ብምልባው፡ ካብኡ ዝተረፈ ከሎ ንምውፋይ ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንምዕዋት ናይ'ቲ መደብ ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣካላትን መሳርሕትን ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክርን መተባብዕን ተዓዲሉ።



ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ

# መደበር ጥዕና ጸዓዘጋ፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ

ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ እትርከብ መደበር-ጥዕና ጸዓዘጋ፡ ብዝተዋደደላ ትሕተ-ቅርጻን መሳርሒታትን፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ ምህላዋ፡ ሓላፊት ናይታ መደበር ጥዕና፡ ሰስተር ወይኒ ኣብርሃ ምስ ኤሪና ኣብ ዘካየደቶ ቃለ-መሕተት ገሊጻ።

እታ ን10 ሽሕ ነበርቲ ዓድታት ጸዓዘጋ፡ ዓዲ-ጉብሩን ዓዲ-ተኽለይን እተገልግል መደበር ጥዕና፡ ኣብ ድሕነት ኣደን-ዕሸልን፡ ክፍሊ ተመላለስቲ ሕሙማት፡ ኣገልግሎት ክታበትን ላቦራቶሪን ዘጠቓልል ኣገልግሎት ትህብ።

ቀዳማዊ ሕጂ ኣገልግሎት ሕርሲን ኣገልግሎት ላቦራቶሪን ንምርካብ ናብ ማእከል ጥዕና ጸዕዳ ክርስትያን ይኸዱ ምንባሮም ዝሓበረት ሰስተር ወይኒ፡ ሳላ ተዋዲዱ ዘሎ መሳርሒታት ኣብታ መደበር ጥዕና ዘድሊ ኣገልግሎት ክህቡ ጀሚሮም ምህላዎም ገሊጻ።

ንሳ ወሲኻ፡ እታ መደበር ጥዕና ዝተማልአ ኣገልግሎት ሕክምና ንምሃብ፡ ክፍሊ ህጹጽ ክትትል ከውሰኽ፡ ከምኡ'ውን ቁጽሪ ናይ'ታ መደበር ጥዕና ክህሉ ጸዊዓ።

ተገልገልቲ ብወገኖም፡ ንኣገልግሎት ናይ'ታ መደበር ጥዕና ብምምጓስ፡ ዝተረፉ መሳርሒታት ተማሊኣ ናብ ደረጃ ማእከል ጥዕና ክትዓቢ ቁሉሕቲ ከምዘለዋ ተላብዮም።

# ቃለ ቡራኬ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ ፻ይ ቅዱስ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዘሃገረ ኤርትራ ብምኽንያት ርእሰ ኣውደ ዓመት ቅዱስ ዮሓንስ ፳፻፲ወ፰ (2025)

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ

"ወሐደሱ ልበክሙ። እንዘ ተአምሩ ብምሕዳስ ተለወጡ።" (ሮሚ. ፲፪/12:2)

ክቡራንን ክቡራትን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ሃገር እትነብሩ ሕዝበ ክርስቲያን፡ ብሓፈሻ ከኣ ኹልኹም ሕዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ካብ ፳፻፲ወ፯/2017 ዓመተ ምሕረት፡ ዘመነ ማቴዎስ ወንጌላዊ፡ ናብ ፳፻፲ወ፰/2018 ዓመተ ምሕረት፡ ዘመነ ማርቆስ ዜናዊ፡ ብደሓን ሰላም ኣብጽሓናን ኣብጽሓኩምን እናበልና ሠናይ ትምኒትና ንገልጸልኩም።

እዚ ዕለት'ዚ ብቅዱስ ዮሓንስ መጥምቀ መለኮት እዩ ዝፍለጥ፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ቅዱስ ዮሓንስ ዛዛሚ ዘመነ ብሉይ፡ ጀማሪ ዘመነ ሓዲስ ስለዝኾነ፡ እዛ ንኽብረቱ መወዐሊ፡ ንሓጋይ መእተዊ ዘላ መዓልቲ ብስሙ ተጸውዐት፡ በዚ ምኽንያት እዚ ቅዱስ ዮሓንስ ካብ ዘመነ ብሉይ ናብ ዘመነ ሓዲስ፡ ካብ ዘመነ ነቢያት ናብ ዘመነ ሓዋርያት ዘሰጋገረ ብምዃኑ፡ ነቢይ ሐዋርያ ወሰማዕት ኢልና ንሰምዮ። ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ነዚ መሠረት ብምግባር ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ብሉይ ናብ ሓዲስ፡ ካብ ዘመነ ኩነኔ ናብ ዘመነ ምሕረት፡ ዝተሰጋገርናላ ዓባይ ዕለት ስለዝኾነት ካብ ክፉእ ርሒቕና ብቐንዕናን ብሓቅን በዓልና ክነብዕርን ከኽብርን ሠሪዓትልና ኣላ።

ዝኸበርኩም ሕዝበ ክርስቲያን ሰዓታትን ዕለታትን፡ ኣዋርሕን ዓመታትን፡ እግዚኣብሔር ንደቂ ሰብ ዝሃቦም ጸጋታት እዮም። ስለዚ ነዚ ተረዲእና ዝተወሃበና ግዜ ብዘይጉድለ ተጠቒምና፡ ዝሓለፈ ዓመት ዝተጋገናዮ፡ ለሚ ኣሪምና፡ ከም ሰብኣዊ ንጉዳት ርእሰናን ንሕብረተ ሰብናን ዝጠቅም፡ ሰናይን ቅዱስን ሓሳባት ሒዝና፡ ማለት ንኃጢኣት ብጽድቂ፡ ንትዕቢት ብትሕትና፡ ንድንቁርና ብፍልጠት፡ ንጽልኢ ብፍቕሪ ለዊጥና ነዚ ሓድሽ ዓመት ክንቅበሎ መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ።

"ነቲ ሠናይን ባህ ዘብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ፡ እንታይ ምዃኑ መርምርኩም ክትፈልጡ፡ እንዘ ተአምሩ ብምሕዳስ ተለወጡ።" (ሮሚ. ፲፪/12:2)

ዝኸበርኩም ሕዝበ ክርስቲያን ልዑል እግዚኣብሔር ዕለታትን ዓመታትን ንደቂ ሰብ ዝሃበና ንጥቕምና እዩ። ስለዚ ኩሉ ጉዕዞ ሕይወትና ብጥዒና ዕለትን ዝዕቅን ስለዝኾነ፡ ግዜ ቀንድን ኣገዳስን ናይ ሕይወትና መሰረቲ እዩ። በዚ መሠረት ንግዜና ተጠቒምና መንፈሳውን ስጋውን ስራሕና ክንሰርሕ፡ "ብሉዕ በዛፈ ገጽካ፡ ብረሃጽ ስራሕካ (ገጽካ) ብላዕ" ዝበለ ኣምላኻዊ ትእዛዝ ተዋሂቡና እዩ። ብተወሳኺ ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ፡ "እኩሉ ግዜኹም ኣብ ረብሓ እናወዓልኩም ከም ዓያሹ ዘይኮነስ ከም ለባማት ተመላለሱ" ዝበሎ (ኤፌ. ፭፡ ፲፮/5:16)፡ ዝተዋህቦ ግዜ ብዘይጉድለ ዘይጥቀም፡ ሠናይ ሓሳባት ዘይብሉን ሰብ ሓዲሽ ዓመት የብሉን ከም ዝበሃል፡ ንሕና ድማ ንዝተወሃበና ግዜ ብዘይጉድለ ተጠቒምና ንቤተ ክርስቲያንናን ሃገርናን ዝጠቅም ሠናይ ሓሳባት ክንሓስብ ክንሰርሕን፡ በዚ ቅዱስ በዓል ሓዲሽ ዓመት ኣቦታዊ መልእኽተይ ኣመሓላልፍ።

ኣብ መወዳእታ መንፈሳውያን በዓላትና ክርስትያናዊ ሥነ ምግባር ንፍጽመሎም ስለዝኾነ፡ ፍቕርን ተስፉን ሓድነትን ተዓጢቕና፡ ንጥሙያት ከተብልዕ፡ ንዕሩቃት ክንክድን፡ ንዝሓመሙ ክንበጽሕ፡ ንዝሓዘኑ ከጸናንዕ ሓደራ ንብል።

ሓዲሽ ዓመት ዘመነ ማርቆስ ፳፻፲ወ፰/2018፡ ናይ ልምዓትን ብልጽግናን፡ ናይ ሰላምን ፍቕርን ዓመት ይግበረልና።

**ልዑል እግዚኣብሐር ሃገርናን ማኅደርናን ይባርኽ!**

# ኣባላት ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ደም ለጊሶም


ስእሊ ፊያሚት መስፍን

ኣባላት ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ኤርትራ ንምስሳን፡ ብ9 መስከረም፡ 60 ከረጺት ደም ለጊሶም። ንኣቶም፡ "ደም ህያብ ተፈጥሮ እዩ፣ ናትና ህያብ፡ ብደምና ህይወት ምድሓን እዩ።" ብዝብል ቴማ፡ ነቲ ሰናይ ተግባር ከማዕቢሎድዎ ዝገለጸ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ሰዋረ ክፍሉ፡ ደም ምልጋስ ጸወዒት ዘድልዮ ሰናይ ተግባር ምዃኑ ኣረዲኡ። ደም ለጊስካ ኣብ ህይወትካ ዘኸትሎ ሳዕቤን ከምዘየለ ብምርዳእ ድማ፡ ኩሉ ዜጋ ኣብ ልግሲ ደም ብንቕሓት ክሳተፍ ጸዊዑ። ደም ዝልግስ ሰብ እኹል መርመራታት ስለዝግበረሉ፡ ጥዕናዊ ኩነታቱ ክፈልጥ ከምዝኽእል ዝገለጹ ክኢላታት ጥዕና ብወገኖም፡ ህይወት ዜጋታት ንምድሓን ውሑስ ደም ኣብ ምእካብ ተሳታፍነቱ ከዐቢ ኣዘኻኺሮም። ኣብ መወዳእታ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣብ ዝሰኣቦ ሓበሬታ፡ ብውልቂ ይኹን ብጥርናፍ ደም ከምዝልግሱ ብምጥቃስ፡ ህይወት ንምድሓን ወትሩ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

## ፎሮ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምዕዋት ትግባረ ዝተወጠኑ መደባት ክዓዝዝ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓራፋ፡ ብ5ን 6ን መስከረም ምስ ነበርቲ ዓድታት ደናንሎ፡ ዱንጉሉ፡ ገራጋር፡ ስርደን ኡምለን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ዑስማን፡ መንግስቲ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ምዕዋት መሰረሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎ ተራ ብምግንዛብ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ዓድታት ኣብያተ-ትምህርቲ ቅድመ-ትምህርቲ ከምዝዋደደን መምህራን ከምዝሰልጠኑን ብምግላጽ፡ ነበርቲ፡ ተራሕቱ ዝሎ ዕድል ተረዲኦም፡ ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ደቆም ናብ መኣዲ ፍልጠት ክልእኹ ተማሕጺኑ። ሳላ'ቲ በብእዋኑ ዝካየድ ዘሎ ምጥርናፍ ዓድታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝምስገን ውጽኢት ይምዝገብ ከምዘሎ ድማ ኣረዲኡ።

ነበርቲ ብወገኖም ኣብ መደበር ጥዕና ኡምለ ኣምቡላንስ ክትምደብ፡ ጽገና ዝጠልብ ባኮታት ማይ ዓድታት ዱንጉሉን ኡምለን ቁልሕታ ክግበረለን፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሓራት መስመር ፎሮ - ደናንሎ ከምኡ'ውን ዓዲ-ቐይሕ - ኡምለ ዝቖጻጸሩ ኩነታት ክፍጠር ዝብሉን ካልኦት ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ኣቶ ዑስማን ናብ መደበር ጥዕና ኡማለ ድሕሪ ምብጻሕ፡ እታ ትካል ትህቦ ዘላ ኣገልግሎትን ዘለዋ ሕጽረታትን፡ ኣብ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ከምኡ'ውን ሽፈነ ክታበት ዝተመዝገበ ዕብየት፡ ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂ ተዋሂብዎ።

# ደቡብ - ሃማመተኤ፡ ብምሕደራን መሪሕነትን 195 መንእሰያት ኣመሪቑ


ስእሊ የዕብዮ ባህታ

ሃማመተኤ ጨንፈር ዞባ ደቡብ፡ "ብጽኑዕ ዝርኸብናዮ ብጽኑዕ ንሃብ" ብዝብል ቴማ ክምህሩ ካብ ዝኸረሙ መንእሰያት፡ ብምሕደራን መሪሕነትን ዝሰልጠኑ 117 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 195 መንእሰያት፡ ብ3 መስከረም ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣዳራሽ ኩዶ-ሕንባሻ ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ካብ 29 ነሓሰ ክሳብ 03 መስከረም፡ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤን ህግደፍን ብዝመጹ ዕዱማት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ትርጉምን ኣገዳስነትን ምሕደራ፡ ምሕያል ናይ ምብህሃል ክእለት፡ መሪሕነትን ጸልዋኡን፡ ካልእን ኣብ ዝበሉ ኣርእስታት ኣተኩሩ ከምዝተኻየደ፡ ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ መደብ መንእሰይ ኣብርሃም ተስፋማርያም ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ኣብሪሁ።

90 ሚእታዊት ካብ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ዙርያ ተመሃሮ ከምዝተኻየደ ዝጠቐሰ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ገብሩ፡ ኣብዚ ንሓደ ሰሙን ዝተኻየደ ስልጠና፡ ብቕዓትን ብልሕን መንእሰያት ተመሃሮ ዝተንጸባረቐሉ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ተጠቒሞም፡ መዛኑኦም ክጸልዉን መጻኢኦም ንምዕዋትን ባህሊ ንባብ ክዕብዩ ኣተሓሳሰቡ።

ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ደቡብ መምህር ወልዳይ ገብረ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ናይ ምግባር ዓቕሚ መንእሰያት ኣጉሊሑ ዘርእዮ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ኣብርቲዖም ክጽዕቱ ብምልባው፡ ባይቶ ዘድሊ ጠለባት መንእሰያት ንምምላእ ኣብ ጎኒ ሃማመተኤ ደው ከምዝብል ኣረጋጊጹ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ርሑስ በዓል ቅዱስ የሃንስ ክኾነልኩም እናተመነና፡ ናይ ሎሚ መደብና ነዚ ዕለት'ዚ ብዘማዕርግ ፍሉይ ትሕዝቶ ክኸውን እዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፋት ሓጎስ

## ማሕበራዊ ዘምድናታት ዝኸደሎ፡ ዘይመጣጠን ምዕባለ

*እዚ ጽሑፍዚ “ኣንኢቨን ደቨሎፕመንት ዊዝኣውት ሶሻል ሪሌሽንስ” ብዝብል ኣርእስቲ ብኢንግሪድ ሃሮልድ ክሻንግራሽን ዝተባህለ ምሁር ስነቑጠባ ናይ ዝተጻሕፈ ዓንቀጽ ትርጉም'ዩ።*

<u>ቀዳማይ ክፋል</u>

ኒቫሰን ፒከትን ኣብ ፈለማ ሰነ 2025 “ዘይምዕሩይ ልውውጥን ዝምድናታት ሰሜን-ደቡብ” ብዝብል ኣርእስቲ ዓንቀጽ ምስ ኣሕተሙ ብዙሓት ገበነቲ ስነቑጠበኛታት፡ መወዳእትኡስ ስነቑጠባ ንመጕእታዊ መሰረታት ሃጸይነት እንግሊዝ ብዕቱብ ክርኢ ጀሚሩ ካብ ዝብል መረዳእታ ተላዒሉ። እንተኾነ ኒቫሰን ፒከትን ሓብሬታኦም ዘቕረቡሉ፡ ዝወደኑሉን ዝተንተኑሉን ኣገባብ መቐጸልታ ናይቲ ኣብዚ ዓውዲ ንመጕእትን ሃጸይነትን ኣብ ዘተኩር ዕዮ ዘሎ ቅርጻዊ ጸገም'ዩ።

ኣብ ሰሜን ዘሎ ‘ምዕባለ’ ምስቲ ኣብ ደቡብ ዘሎ ‘ትሕተ-ምዕባለ’ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከምዘለዎ ዘርኢ ጽሑፍ (ሊትረቸር) ኣዝዩ ሰፊሕ'ዩ። እቲ ብዘይምዕሩይ ልውውጥ (ኣን-ኢኳል ኤክስቸንጅ) ዝገልጽ ክልሰ-ሓሳብ ድማ ኣካል ናይዚ መረዳእታ'ዩ። ኒቫሰን ፒከትን ግና ንፖለቲካዊ ትሕዝቶ ናይዚ ኣምር ባሕጕዖም ዘውጽኡ እዮም። እዚ ምስቲ ኣቐዲሙ ፒከቲ ንብዩኑ “ካፒታል ኣብ 21 ዘመን” ብዝርእስቱ መጽሓፉ ዝገበሮ ስጉሚ ዝመሳሰል'ዩ። ፒከቲ ነታ ኣርእስቲ ‘ካፒታል’ ካብ ዘርእስታ መጽሓፍ ካርል ማርክስ እኳ እንተወሰዳ ኣኻልጺኡ ግና ካብ ናይ ማርክስ ዝተፈልየ እዩ። ማርክስ ንካፒታል ብማሕበራዊ ዝምድናታት (ሶውሻል ሪሌሽንስ) ክገልጾ እንከሎ ፒከቲ ግና ከም ሃብቲ (ወልዝ) ይገልጾ። ኒቫሰን ፒከትን ኣብ ዝገበርዎ ዕዮ ብልክዕ ዝተገብረ ከኣ ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ንዘሎ ምጽልላው ዘቖመ ማሕበራዊ ዝምድናታት'ዩ። ከምዚ ዝበለ ኣብ ዓለምለኻዊ ምስግጋር ጸጋ ጥራይ ዘተኩር መረዳእታ ድማ ነቲ ዘይመጣጠን ምዕባለ ናይ ኣፍረዩ ሓይሊ ዘዋጽእርቖን ዘጥፍእን እዩ። ማሕበራዊ ዝምድናታት ብምእላይ ካብ ዝገበር ዕዮ ዝርከብ ውጽኢት መወዳእትኡ፡ ዕዳጋ ብጥበእ እንተደኣ ተመሓዲሩን መጕእታዊ ሓይሊ ድማ እንተተኣልዩን ምዕሩይ/ ሚዛናዊ ንግዲ ዘፈጥሮ ንዝብል ስነቑጠባዊ ሓሳብ ዘጠናኽር፡ ብዕዳጋታት ኣብሉ ዝራባሕ ዘይምዕሩይነት ድማ ከምዝኸወል ዝገብር'ዩ።

ኣብዛ ጽሑፍቲ፡ መሰረት ናይቲ ኒቫሰን ፒከትን ዝተጠቐምሉ ክልሰ-ሓሳባትን መተዳለዊን ከምኡ'ውን ናብዚ ናይ ትንተና መቓን ዝመርሓም ምኽንያት ብቐፈታዊ ዓይኒ ክድህሰስ'ዩ። ስነቑጠበኛታት፡ ንጽዮያዊ ምእዙዛትን መጕእታዊ ምዝመዛን ከፍትሾ ኣብ ዘንቅዱሉ፡ ለሚ ንዕዞ ንዚሉና ጕሉሕን ዘይምዕሩይን ውጽኢት ንዝፈጠረ ኢንዱስትርያዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን ከውንነት ካብ ምቕላዕ ዝዓግቶም ናይ መትከሎም መሰረት ምኽኑ ክበርህ'ዩ። ንምግንዛብ ምእንቲ ክጥዕም ድማ ኒቫሰን ፒከትን ዘቕረብዎ ናይ ርእሶማልነት መረዳእታ ኣብ ዘይመጣጠን ምዕባለ ዓለምና ምስ ዘተኩር ሱር-ብዙኻዊ ማእምርነት (ስኮላርሽፕ) ክነጻጸር'ዩ። ፈለማ ግና ቀንዲ ርኽበታት ናይቲ ኒቫሰን ፒከትን ዘየደድዎ መጽናዕቲ ንመልከት።

### ዝምድናታት ሰሜንን ደቡብን ብመገጽር ‘ካረንት ኣካውንት’

ኒቫሰን ፒከትን ከም ኣካል ናይ ዕዮኦም ንዝተዳለወ ማዕከን-ዳታ (ዳታቤይዝ) ተጠቒሞም ዝገበርዎ ትንተና፡ ካብ 1800 ክሳዕ 1914 ሃገራት (ጥንታዊት) ኤውሮጳ ኣብ ሚዛን ናይ ካረንት ኣካውንተን ቀጻሊ ትርፊ ከርእያ እንከለዋ ዝተረፉ ሃገራት ዓለም ግና ኣዝዩ ዝፍ ጉድለት ኣርእየን። እዚ ካብ 1800 ክሳዕ 1914 ዝነበረ እዋን ድማ ‘ቀዳማይ ዓውለማውነት’ ኢሎም ሰምዮሞ። ካብ 1970 ጀሚሩ ግና እቲ ቀንዲ ትርፊ ወሃቢ ኑዳዲ ካብ ዘኾና ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን (MENA) ከምኡ'ውን ካብ ምብራቕ ኤስያ (ፈለማ ብጃፓን ዳሕራይ ከኣ ብቻይና ዝተመርሐ) እዩ መጺኡ። ምስቲ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ እዋን መጕእቲ ዝበረን ዝፍ ዘይምምዛዞን ዝመሳሰል ኩነት ዝተራእሉ እንኮ ክፋል ዓለም ድማ ሰሜን ኣመሪካ/ኣሺያና እዩ። እዚ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝምራሕ ክፋል ዓለም ካብ 1990 ክሳዕ 2025 ቅርጻዊ ጉድለት (ስትራክቸራል ደፍሲት) ከምዘርኣየ የመልክት። እዚ እዋን ከኣ ‘ካልኣይ ዓውለማውነት’ ኢሎም ሰምዮሞ። ምሉእ ትሕዝቶ ዓንቀጾም ግና ካብ 1800 ክሳዕ 2025 ንዝነበረ ባኢታታት ካረንት ኣካውንት ናይ ዝተፈላለዩ ከበባታት ብምትንታን ኣብ ዝምድናታት ሰሜንን ደቡብን ናይ ዝተራእዩ ለውጥታት መገለጺ ምቕራብ'ዩ።

ከም ርኽቦት ካብ ዘቕረብዎ ንምውሓጡ ዘጸግም ነጥቢ ድማ ካብ 1800 ክሳዕ 1914 ኤውሮጳ ቀጻሊ ጉድለት ኣብ ሚዛን ንግዲ ናይ ኣቑሑ ከምዘበረ'ዩ። እዚ ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኤውሮጳ ኣብ ካረንት ኣካውንት ቀጻሊ ትርፊ ነይሩዋ ዝብል ብኸመይ ይቃዶ? ብመሰረት ሓብሬታኦም፡ እንግሊዝን ሃገራት (ጥንታዊት) ኤውሮጳን ኣብ ኣገልግሎት (ሰርቪስ) ብቐንዱ ግና ካብ መሬተን ወጻኢ ብዘርከበ እቶትን ናብኣን ብዝኾበር ምስግጋርን ግዙፍ ኣወንታ ነይሩወን። ካብ 1800 ክሳዕ 1914፡ ከም ብጽሒት ናይ ብርኪ፡ ወለድ፡ ክፍሊታት ናይ መሰል-ዋንነትን መኽሰብ ናይ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ተባሂሉ ናብተን ሃገራት ኤውሮጳ ዝውሓዘ እቶት ኣዝዩ ግዙፍ ብምኳኑ ክሳዕ ለሚ ብደረጃ ሃገር ይኹን ከበቢ መዳርግቲ ዘይተረኸቦ እቶት ምኳኑ የመልክት። ብተወሳኺ፡ ኤውሮጳ ከም ግዝኣት ሓይሊ ብዘደረኾቶ ምስግጋር ንኣብነት ሓንሳእ ብዘኸፈል ግብሪ፡ ካብ ግዙኣት ናብ ግዝኣቲ ብዝገበር ብሕታውን መንግስታውን ምስግጋር ዘኻዕበቶ እቶት ኣዝዩ ብዙሕ ምኻኑ ከኣ የመልክት። ኣስዒቡም፡ ካብ 1800 ክሳዕ 1914፡ ጸጋ ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን ከምዝውሓዘ፡ ካብ 1970 ክሳዕ 2025 ግና ዋሕዚ ናይ ጸጋ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ከምዝዘቅየረ ይምጉቱ። የግዳስ እዚ ዳሕረዋይ ምስግጋር ብመጕእቲ ዝተደረኸ ዘይኮነስ ብመልክዕ ሓገዝ/ረድኤት ብቐንዱ ድማ ካብ ደቡብ ዝተሰዱ ኣብ ሰሜን ዝርከቡ ውልቀሰባት ብዝገብርዎ ሓዋላ ዝፀደ ምስግጋር ምኻኑ ይምጉቱ።

ካብዚ ብምብጋስ ኒቫሰን ፒከትን ዘቕረብዎ መደምደምታ እዚ ዝስዕብ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ሃጸይነት እንግሊዝ፡ እንግሊዝን ብኡኣ ትምራሕ ዝነበረት ኤውሮጳን ካብቲ ካልእ ክፋል ዓለም ኣዝዩ ግዙፍ ጸጋ ከሰግግራን እቶት ናብ ከርሰን ክውሕዝ ክኢለን እየን። እቲ ምስግጋርን ዋሕዝን ድማ ነቲ ኣብ ሚዛን ንግዲ ኣቑሑ ዝነበረ ዓቢ ጉድለት ሸፊኑ ንሚዛን ናይ ካረንት ኣካውንት ናብ ዓቢ ትርፊ ዝለወጠ ምኻኑ የመልክት። ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን (1970-2025) ግና ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ እንግሊዝን መሰልታን ከምዝረኸበኦ ረብሓ ክትረኽብ ኣይከኣለትን። “ኣብ 2025 ዝተራእየ ቁጥዐን ታህዲድን ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ዝተረፈ ክፋል ዓለም” ድማ ብበለ መዳዩ ካብዚ ዝቕል ምኻኑ ይምጉቱ። ትራምፕ፡ እንግሊዝ ከም ሞላ ዓለማዊ መራሕነታ ምስ ዘኻዕበቶ ፋይናንሳዊ ጸጋ ዝዳረግ ክረኽብ ደሊቶም'ኳ እንተኾነ ናይ ለሚ ሃገራት ግና ከህበኦ ፍቓደኛታት ከምዘይኮና የጽኑ። እዚ ኣብ ምልዋጥ ዘይምምዛዞን ካረንት ኣካውንት ዘተኩር ዛንታ ኣዝዩ መሳጢ'ኳ እንተኾነ ከፊላዊ ዛንታ ዘይመጣጠን ርእሶማላዊ ምዕባለ ምኻኑ ግና ብሩህ ክኸውን ኣለዎ። ከፊላዊ ምስሊ ዝሃበ ዓንቀጽ ኒቫሰን ፒከትን ድማ ንኣጋጊዱ መረዳእታ ርእሶማልነትን ኣብዚ እዋን ዘሎ ሚዛን ሓይልን ዝደግፍ'ዩ።

### እዚ ዘሎ ዘይመጣጠን ምዕባለ ዘቖመ ማሕበራዊ ዝምድናታት

ኣድህቦ ኒቫሰን ፒከትን ኣብ ዋሕዚ እቶትን ምስግጋር ጸጋን ካብንን ናብን ሃገራት፡ ምስቲ ምዕባለ ርእሶማልነት ጉዳይ ብዕዳጋ ዝዋበር ልውውጥ፡ ምቅሊት ዕዮን ተክኖሎጂያዊ ኹናትን ምዕዝዘዩ ዝብል ኣብ ዓውዲ ስነቑጠባ ዘሎ መሰረታዊ ግምት (ኣሰምሽን) ዝቃዶ'ዩ። እዚ ግና ምስቲ ኣብ ግንዛበ ርእሶማልነት ንማሕበራዊ ዝምድናታት መንቀሲ ዝገብር ‘ራዲካላዊ’ ኣረኣእያ ዝገራጮ'ዩ። ንማሕበራዊ ዝምድናታት መንቀሲ ዝገብር ግንዛበ ርእሶማልነት፡ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ውዳበ ንዝዋበር ቅርጻዊ ለውጢ ንኣብነት ካብ መሰፍናዊ ሕብረተሰብ፡ ብምርጫኡ ዝቖጸር ጉልበት ናብ ዘሰርሕ ኣብ ርእሶማል ዝተሰረተ ሕብረተሰብ ንዝተገብረ ለውጢ ኣፍልጦ ዝህብ'ዩ። ኣብ እንግሊዝ ድማ ለውጢ ኣብ ማሕበራዊ ዝምድናታት ኒቫሰን ፒከትን ከም መበገሲ ቅድሚ ዝወሰድዎ እዋን'ዩ ጀሚሩ። ብዓይኒ ሓቂ'ውን ኣብቲ ሓብሬታኦም ዝጀመረሉ 1800፡ እንግሊዝ ድሮ ርእሶማላዊት ጉልበል ኮይና ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ድማ ኣብ ኹናት ዝበረሉ ዓመት'ዩ። እቲ ኣብ ፈለማ 1800ታት “ካብ መሬት ዓባዪ ናብ ከርሲ ገዝኣቲ ዝተገብረ ምስግጋር፡ መስርሕ ምውህላል ሃብቲ ወጻኢ ናይተን ገዝኣቲ ኣብ ምጅማር ኣዝዩ ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ” ዝብል ርእይቶ ኒቫሰን ፒከትን ድማ ብታሪኻዊ መረዳእታ ኣሻማዊ'ዩ። ምኽንያቱ ነቲ ናይ እንግሊዝ ርእሶማልነት ዓብላሊ ኮይኑሉ ዝበሃል ግዜ ካብቲ ብዙሓት ፈላጣት ታሪኽ ርእሶማልነት ዝሰማምዑሉ ዘድሕር ብምኻኑ። እንግሊዝ ዝኻዕበቶ ሃብቲ ድማ ምስቲ ርእሲ ኮይና ትቕልሶ ዝበረት ዓለምለኻዊ ውዳበ ርእሶማልነት ዘይትሳ ምስቲ ድሕሪ 1800 ዝተገብረ ምስግጋር ናይ እቶትን ሃብትን ጥራይ እዩም ዝተኣሳሰሩ። እዚ ካብ ግዝኣታት ዝሰጋገር ዝበረ ጸጋታትን ቅድሚኡ ዝበረ ኣትላንቲክ ዝዋገር ንግዲ ‘ገላዩ’ን ኣብ ምድጋፍን ምውዳእን ቁጠባዊ ምዕባለ ኤውሮጳ ኣገዳስነት ኣይብሮን ማለት ኣይኮነን። ብዓይኒ ‘ቲ ንማሕበራዊ ዝምድናታት መንቀሲ ዝገብር ዓውዲ ግና እቲ ዝተገብረ ምስግጋር ጸጋ መርኣያ ዓብላልነት እንግሊዝ እምበር እንኮ ዕላማ ከምዝይብረ'ዩ።

ብራዲካላዊ መረዳእታ ናይ ዘይመጣጠን ምዕባለን ዘይምዕሩይ ልውውጥን ዝጽሕፉ ክልተ ኣስተብሀሎ ድማ ኒቫሰን ፒከትን ካብ ዝሃብዎን ዘጉልሕዎን ግንዛበ ርእሶማልነት ናብ ዝተፈልየ ግንዛበ ዝመርሓ እየን። እታ ቀዳመይቲ፡ ፍልልይ ኣብ ኣቃውማ ርእሶማል፡ ደሞዝን መጠን ትርፊ ምህርትን ናይ ኢንዱስትሪታትን ሃገራትን ዝፈጥሮ ዘይምዕሩይነትን ዘይምዕሩይ ልውውጥ ብደረጃ ዓለምን እያ። እታ ካልኣይ ድማ ኣብ መንጎ ሰሜንን ደቡብን ምስግጋር ጸጋ እንተኣጋጠመ ወይ'ውን ኪጋጥም እንከሎ ውጽኢት ብደረጃ ዓለም ናይ ዝርአ ዘይመጣጠን ምዕባለ ዓቕሚ ኣፍራይነት'ዩ። እዚ መሰረት ብምግባር፡ ዋሕዚ ናይ እቶትን ሃብትን ብምዕቃንን ተመላሲ ብምግባርን ለሚ ንዘሎ ዘይምዕሩይነት ክትርድኦ ኣይከኣልን። ናይ ለሚ ዘይምዕሩይነት ንምርዳእ ብደረጃ ዓለም ንዝተወደበ ምዝመዛ ርእሶማልን ጉልበትን ምፍታሽ ግዴታ'ዩ። ስለዚ ንምዕባለ ብደረጃ ዓለም ምርኣዩ ኣገዳሲ'ዩ። ራዲካላውያን መእምራን ኣብ ሰሜን ዘሎ ምዕባለ መሰረቱ ተክኖሎጂያዊ ኹናት፡ ባህላዊ መለለዩ ወይ ህርኩትነት ከምዝኾነ ገይርካ ዘይትካ ክርአ ዘለዎ፡ እዚ ኣብ ሰሜን ዘሎ ምዕባለ ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም ምስዘሎ ትሕተ-ምዕባለ ምትእስሳር ዝበርን ዘለዎን ምኻኑ ክርአ ኣለዎ ይብሉ።

ብመጕእቲ ዝተደረኸ ምስግጋር ጸጋ ኣብ ምኽዕባት ሃብቲ ኤውሮጳ ኣጉዳሲ ምንባሩ ዘመልክት ርኽበት ኒቫሰን ፒከትን ድማ እዞም ራዲካላውያን መእምራን ዘቕረብዎ ቀንዲ መጉት ዘራጉድ'ዩ። እቲ ቀንዲ ፍልልዩ፡ ኒቫሰን ፒከትን ንዝነታኦም ዝሃጸሉ ኣገባብ'ዩ። ኒቫሰን ፒከትን፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ዘይመጣጠን ርእሶማላዊ ምዕባለ ሰሜንን ደቡብን፡ ብምስግጋር ሃብትን እቶትን ዝተፈጥረ ወጽኢት እምበር ብዕያዩ ጉልበት ንዝተረኽበ ትርፊ ምህርቲ ብዘምቀለሉ ኣገባብ ዝዕበ ከምዝይደኻ እዮም ዝጐትዉ። ሰዓቡ ከምዝገለጽ ግና እዚ ኣብ ዋሕዚ ጸጋታት ጥራይ ዝተደረተ መርኣዩ ኣብ ግንዛበ ናይ ለሚ ርእሶማልነትን ሃጸይነትን (ሙብዝሕትኡ እቶት ናብ ምብራቕ ኤስያ ከምኡ'ውን ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ዝውሕዘሉ፡ ምስግጋር ጸጋ ድማ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ዝውሕዘሉ) ኣዝዩ ግጉይ መረዳእታ ዝህብ'ዩ።

ዓንቀጽ ኒቫሰን ፒከትን፡ ንማሕበራዊ ዝምድናታት ዕሸሽ ካብ ዝብል ግን ከኣ ኣብ ታሪኽ ዘተኩር መጽናዕትታት ስነቑጠባ ትፍለ ኣይኮነትን። እቲ ኣብ ታሪኽ ዘድህብ ንኣሱዓውዲ ስነቑጠብ'ውን እንተኾነ ኣብ 1970ታት ቅርጻዊ ለውጢ ገይሩ'ዩ። ኣብ ምዕባለ ርእሶማልነት ዘተኩር መጽናዕትታት ድማ ካብ ማሕበራዊ ዝምድናታት ብምእላይ ንዝተፈላለዩ ዋሕዚ ጸጋታት ብምቕማር ኣብ ዘኽንዕ ሞዴላት ሓደሽ ክሉሰኻውነት'ዩ ተማዕቂቡ።





**Interpretation.** If we express current account as a fraction of world GDP (rather than as a fraction of the GDP of each country or region), we find that Europe's current account surplus between 1800 and 1914 was substantially larger than the surpluses of Middle East or Easr Asia since the 1970s-1980s. **Note.** The values reported here are decennial averages: 1800 refers to 1800-1809, 1810 to 1810-1819, etc. **Sources and series:** see wid.world

ይቕጽል . . .

# ሓሳባት

**ሲራክ ክፍለ**
**መበል 62 ክፋል**

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማሕበራዊ ምሕደራን ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሰን ዝብል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሀበ ምሕደራ ዓደ ኣብ ከምዝብራ ጠቒስና ደማ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ብድሕሪኡ ዕማማት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ብመሰረት ዓለምለኻዊ ትካል ኦኢሲዲ (OECD - Organization for Economic cooperation and development) ብኸመይ ከምዝዋሃጽን ናይ ቀረባ ግዜ ጸብጻብ ኦኢሲዲ እንታይ ከምዝብልን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ–*

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

### ምግልጋል ዜጋታት

#### መቓን ኦኢሲዲ ኣብ ምግልጋል ዜጋታት

መንግስታት ዜጋታት ዝጸንዩዎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎት - ጽፉፍ፣ ኣብ ግዚኡ፣ ብዘይ ኣድልዎ - ከቕርባ ሓላፍነት ኣለወን። "ዜጋታት ምስ ቀድሚት-ዝስርዑ (front-line) ኣገልገልቲ - ሓለዋ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ መጉዓዝያ፣ ፍትሒ፣ ዕየ፣ ምምሕዳር ግብሪ ወዘተ. - ዝገብሩዎ ቀጥታዊ መጓልታዊ ርክብ፣ ኣብዘን ወሳብቲ ኣገልግሎት ዘለዎም ዕግበት ጥራይ ዘይኮነ፣ ብሓፈሻኡ ኣብ መንግስቲ ዝህልዎም እምነት ይጸሉ እዩ" ይብል ጸብጻብ ኦኢሲዲ።

ዜጋታት መሰኣታዊ ኣገልግሎት ዘይረኽቡ እንተኾይኖም፣ ንኣብነት ብሕጽረት ገንዘብ፣ ጅግራፊያዊ ቦታ፣ ሕጽረት ወይ ዘይጽፉፍ ቀረብ፣ ሕጽረት ሓበሬታ፣ ወዘተ. ብሓፈሻ ኣብ መንግስታዊ ትካላት፣ ብፍላይ ከኣ ኣብተን ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ኣሉታዊ ኣረኣእያ ክህልዎም ንቡር እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ሓለዋ ጥዕናን ትምህርትን ብመንግስቲን ብብሕታዊ ትካላትን ዝወሃብ ኮይኑ፣ ዋላ እቲ ብብሕቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት እውን ብኸፊል መንግስታዊ ድጎማ ኣለዎ።

መቓን መልክዒ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (The OECD serving citzens' framework) ኣብ ሰለስተ ረቛሒታት - ሓለዋ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ፍትሒ - ይምርኮስ።

#### ዕግበት ዜጋ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት

መብዛሕትኦም ዜጋታት ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ብመሰረት መቓን መልክዒ ዕግበት ዜጋታት ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት (Citizen Satisfaction with public services)፣ ኣብቲ ዝበጽሑ ከበቢ ብዝዕባ ዘሎ ቀረብ ጽፉፍ ሓለዋ ጥዕና ዕጉባት እየም። ኣብ 2014 ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ማእከላይ ገምጋም ዕግበት ዜጋታት ኣብ ቀረብ ሓለዋ ጥዕና 71% ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣብ መንጎ ሃገራት ዓቢ ፍልልይ ነይሩ። ኣብ ኣውስትርያ፣ በልጅም፣ ሉክሰምበርግ፣ ስዊዘርላንድ 9 ካብ 10 ዜጋታት ዕጉባት ኮይኖም፣ ኣብ ቺለን ግሪኽን 4 ዜጋታት ካብ 10 ጥራይ እየም ዕጉባት ነይሮም። ኣብዘን ሃገራት ድሕሪ 2007 ቀረብ ሓለዋ ጥዕና ኣዝዩ ኸፊኡ። ኣብ ግሪኽ እዚ ዝኸፍኡ ምኽንያት፣ ሃገር ብሰንኪ ፋይናንስያዊ ቅልውላው ብዕዳ ተወጢራ፣ (ሃብታማት ሃገራት ኤውሮጳ ከኣ ብኽሳድኪ ወጽያ ምስ በልኣ) ዕዳ መንግስቲ ንምኽፋይ ኣብ ብዙሕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ባጀት ብምጕሓይ እዩ።

ኣብ ትምህርቲ እውን ዝበዝሑ ዜጋታት ሃገራት ኦኢሲዲ ዕጉባት እየም። ኣብ 2014፣ ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ማእከላይ ገምጋም ዕግበት ዜጋታት ኣብ ኣገባብ ትምህርቲ 67% ኮይኑ፣ ዜጋታት በልጅም፣ ፊንላንድ፣ ኣይስላንድ፣ ኣየርላንድ፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ ልዕሊ 80% ዕጉባት ምዃኖም ገሊጾም። ብኣንጻሩ ልዕሊ ርብዒ ዜጋታት ሃገራት ኦኢሲዲ ብኣገባብ ትምህርቲ ሃገሮም ዘይዕጉባት ነይሮም።

ኣብ ጉዳይ ፍርዳዊ ኣገባብን፣ ቤት ፍርድን ብሓፈሻ ዕግበት ዜጋታት ሃገራት ኦኢሲዲ ለጠቕ ዝበለ እዩ። ማእከላይ ገምጋም ዕግበት ዜጋታት ሃገራት ኦኢሲዲ ኣብ ፍርዳዊ ኣገባብን ቤት ፍርድን 54% ጥራይ ኮይኑ፣ ኣብ ደንማርክ፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ ልዕሊ 80% እዩ። ኣብተን ቀንዲ ሰበኽቲ ብዛዕባ ፍትሒ፣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ብሪጣንያን ከኣ ትሕቲ 60% ኮይኑ፣ ኣብ ፈረንሳ ብፍላይ ትሕቲ 50% እዩ።

#### ፋይናንስያዊ ዓቕምን ጂኦግራፍያዊ ቅርበትን ሓለዋ ጥዕና

ኣብ 2013 ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ካብ ዝተሳተፉ ሃገራት፣ ኣብ ኩለን ሃገራት ኤውሮጳ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታት ናይ ሓለዋ ጥዕና ድልየቶም/ ትጽቢቶም ከም ዘይተማልአ ክገልጹ እንከለው፣ ልዑል ኣታዊ ዘለዎም ግን ዕጉባት ምዃኖም ገሊጾም። ኣብ ላትቭያ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ግሪኽ እቲ ፍልልይ ዝዓበየ ነይሩ። ቀንዲ ምኽንያት ዘይምዕጋብ፣ ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ክቡሪ ወጻኢታት ኮይኑ፣ ንልዑል ኣታዊ ዘለዎም ከኣ ግዜ ሰኣን ምርካብ ወይ እቲ ሕማም ባዕሉ ክሓዊ እዩ ዝብል ትጽቢት ስለ ዘለዎም እዩ።

ኣብ 2012፣ ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ማእከላይ ገምጋም ናይ ስድራቤት ወጻኢ ንሓለዋ ጥዕና 3% ካብ ጠቕላላ ኣታዊ ነይሩ።

ኣገባባት (systems) መጠን ሽፈነ ሓለዋ ጥዕና ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ኦኢሲዲ ኣዝዩ ዝፈላለ እዩ። ኣብ መብዛሕትአን ሃገራት ዝበዝሐ ክፋል ወጻኢታት ጽንሖት ሆስፒታልን ወከሰ ሓኪምን ብመንግስቲ ዝሽፈን ኮይኑ፣ ንመድሃኒት፣ ሕክምና ስኒ፣ ዓይኒ (መነጽር)፣ ዝዓበረ ወጻኢ ዓቢ ክፋሉ ብውልቂ ዝኽፈል ብምኳኑ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ዘይዕግበት ኣብ ሓለዋ ጥዕና እዩ።

መጠን ዝርጋሐ ሓካይም ኣብ መላእ ሃገር፣ ኣብ ኣኽእሎ ምርካብ ግቡእ ሓለዋ ጥዕና ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ሕጽረት ሓካይም ኣብ ገለ ከባቢታት ሃገር፣ ግዜን ወጻኢታትን ይሓትት። ኣብ ኩለን ሃገራት ኦኢሲዲ ጻዕቂ ሓካይምን፣ ዓይነት ዝተራቐቐ ኣገልግሎት ጥዕና ብቐንዱ ኣብ ከተማታት ዝተሓጸረ እዩ። ንኣብነት ኣብ ኖርወይ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ኣስታት 7 ሓካይም ን1,000 ሰብ ክህልዉ እንከለዉ፣ ካብ ዓበይቲ ከተማታት ወጻኢ፣ ፍርቂ ማለት ኣስታት 3.5 ሓካይም ን 1,000 ሰባት ይዋፍሩ።

#### ኣኽእሎ ትምህርቲ

ኣገባብ ትምህርቲ ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ንደቂ 5 – 14 ቁልዑ ኣድማዒ ዕድል ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ዝሀብ እዩ። ገለ ስድራቤታት ግን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ደቀን ኣብ ብሕታዊ ትምህርቲ ከምህራ ይመርጹ። ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ንምእታው ልዑል ነጥቢ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ኣገባብ ምወላ ወሳኒ እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ዳርጋ ብምሉኡ ወጻኢ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ብመንግስቲ ዝምወል ኮይኑ፣ ኣብ ገለ ከኣ ብኸፊል ብብሕታዊ ክፍሊት ዝምወል እዩ።

ኣብ ኩለን ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ኣድማዒ ተሳትፎ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ንምርግጋጽ፣ መንግስቲ ዓቢ እጃም ባጀት ይሸፍን እዩ። ኣብ 2011 ሓፈሻዊ ማእከላይ ገምጋም 91% ወጻኢ ሃገራት ኦኢሲዲ ንቀዳማይ፣ ካልኣይን ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ግን ሳልሳይ-ደረጃ ዘይኮነ ትምህርቲ ብመንግስቲ ተሸፊኑ፣ እቲ 9% ከኣ ብሕታዊ ኮይኑ ኣብ መንጎ ሃገራት ግን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ንኣብነት ንትሕቲ ሳልሳይ-ደረጃ ዝውዕል ብሕታዊ ወጻኢ ዝለዓለ ኣብ ቺለ 22%፣ ኮርያ 19% መክሲኮ 17% ኮይኑ፣ ዝተሓተ ከኣ ኣብ ፊንላንድ፣ ኢስቶንያ ትሕቲ 1% እዩ።

ማእከላይ ገምጋም ብሕታዊ ወጻኢ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ 31% ኮይኑ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኦኢሲዲ ሳልሳይ-ደረጃ ትምህርቲ ብብሕቲ (ስድራቤት) እዩ ዝምወል። ንኣብነት ኣብ ኖርወይ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ንምስታፍ ብሕታዊ ወጻኢ ዘይብሉ ኮይኑ፣ ኣዝዮም ውሑዳት ከፊሎም ኣብ ብሕታዊ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ይኸዱ። ብኣንጻሩ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ንምኻድ ኣስታት 65% ተመሃሮ ልዑል ገንዘብ ይኸፍሉ።

መጠን ብዙሓ መናእሰይ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲ) ዝኣትዉ ዝበዝሐ ኣብ ሃገራት ኣይስላንድ፣ ኖርወይ፣ ደንማርክ፣ ፖላንድ፣ ስሎቨንያ ኮይኑ፣ ኣብዘን ሃገራት ከኣ ዩኒቨርሲቲ ንምእታው ዝዓበረ ብሕታዊ ወጻኢ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

#### ኣኽእሎ ምርካብ ፍርዳዊ ኣገባባትን ሕጋዊ ሓበሬታን

ኣገዳስነት ኣኽእሎ ምዕሩይ ፍርዳዊ ኣገባብ (Equal access to justice) ንምንጻር ጸብጻብ ኦኢሲዲ፣ ከምዚ ይብል፣ "ኣኽእሎ ማዕረ ዕድል ፍትሒ ምርካብ መሰረታዊ ረቛሒ መርኣያ ትግባረ ግዝኣት ሕጊ እዩ። ዜጋታት ጉዳዮም ኣብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ምእንቲ ክረኣየሎም ዝሕተት ክፍሊት (ብዝተማዕዲ ዘለዎም ናይ ምኽፋል ዓቕሚ)፣ ከምኡ'ውን ኣኽእሎ ብቐሊሉ ክርድእዎ ዝኽእሉ ሕጋዊ ሓበሬታ ምርካብ፣ ክልተ ቀንዲ ከርናዕ መገምገሚ ኣኽእሎ ፍርዳዊ ኣገባብ ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ እዩ።"

#### ጉዳይ ናብ ፍርዲ ንምቕራብ ዘሎ ኣኽእሎ ምኽፋል፣

መብዛሕትአን ሃገራት ኦኢሲዲ ንውሑድ ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታትን ዝተጎድኡ ክፋል ሕብረተሰብን፣ መታን ምዕሩይ ዕድል ፍርዲ ክረኽቡ፣ ጉዳዮም ኣብ ቤት ፍርዲ ክስዕብ ደገፍ ይገብራ እየን። ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ኣብ ቤት ፍርዲ ካብ ዝቐርቡ ጉዳያት ንኣስታት 9% ደገፍ ይግበረሎም። ሕጋዊ ደገፍ ኣብ ኖርወይ፣ ሆላንድ፣ ብሪጣንያ፣ ፈረንሳ ዝያዳ ልሙድ ኮይኑ፣ ኣብ ደንማርክ (ቕሪይ ገበናዊ ክሳታት)፣ ኣብ ሪፓብሊክ ስሎቫክ፣ ስሎቨንያ፣ ሃንጋሪ፣ ኣውስትርያ ከኣ ገለ ውሑድ ሕጋዊ ደገፍ ይግበር። ይኹን'ምበር ኣብዘን ዳሕረዎት ሃገራት፣ ሕጽረት ገንዘብ እንዳዓ ካብ ሕጋዊ ኣገባብ የስዕብ ማለት ኣይኮነን።

#### ኣኽእሎ ንምግንዛብ ሕጋዊ ሓበሬታን ኣገባባት ቤት ፍርድን

ተራ ዜጋታት ሕጋዊ መሰሎም ምእንቲ ክጥቀምሉ፣ ሕጋዊ ሓበሬታን ኣገባብን ብግቡእ ክምዝፈልጥዎ ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ኣብ 2013 ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ 22% ዜጋታት ጥራይ ጽቡቕ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሓበሬታን ኣገባብን ሕጊ ኣሎና ኢሎም። ኣብዚ'ውን ኣብ ሃገራት ኦኢሲዲ ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ስሎቫንያ፣ ፊንላንድ፣ ኢጣልያ 30%፣ ኣብ ሃንጋሪ ስፐይን፣ ኢስቶንያ 16%፣ ኣብ ፈረንሳ ከኣ 15%። መብዛሕትኦም ዜጋታት ጠበቓ ብኸመይ ደረኽቡ ዝፈልጡ ኮይኖም፣ ኣብ ካልእ ጉዳያት ግን - ቤት ፍርዲ ከይዶም እንታይ ይገብሩ፣ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ንምምጻእ ዘሎ ወጻኢታት፣ ማሰል ሕጋዊ ደገፍ - ኣፍልጦኦም ትሑት እዩ።

#### መልሱግበሪ ትካላት ጥዕና ንድልየት ወይ ጠለብ ሕሙማት

"መልሱግበራውን ሕሙማት-ዞማእከለን ኣገባብ ሓለዋ ጥዕና (Responsiveness of health systems to patient needs) ዝበሃል፣ ንሕሙማት ብትሕትናን ኣኽብሮትን ከምኡ'ውን ኣብ ግዚኡ (ብዘይምድንጓይ) ኣገልግሎት ዝሀብ እዩ" ይብል ጸብጻብ ኦኢሲዲ። ሓኪም፣ ወይ ነርስ፣ ከምኡ'ውን ፍሉይ-ክኢላ ንምርኣይ ዘሎ ግዜ-ትጽቢት (Waiting times to see a doctor or nurse and to get a specialist appointemnt) ከም መቓን መልክዒ ይወሰድ።

"ኣገልግሎት ሓለዋ ጥዕና ንምርካብ ንውሓት ግዜ-ትጽቢት ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ነዊሕ ግዜ-ትጽቢት በቲ ሓደ ወገን ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ተሰኡ ምቕራጽ በቲ ካልእ ወገን ደማ ምድንጓይ ክንክን ኣብ ሕማም ተወሳኺ ሕልኽላኽ ክፈጥር ይኽእል እዩ። ምንዋሕ ግዜ-ትጽቢት ብሰንኪ ዋሓዲ ሓካይምን ነርስታትን ክኸውን ዝኽእል ኮይኑ፣ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ሕማቕ ምምሕዳር ሓለዋ ጥዕና ክኸውን ይኽእል" ይብል ጸብጻብ ኦኢሲዲ።

ኣብ 2013 መጽናዕቲ ካብ ዝተገበረለን ሃገራት ኦኢሲዲ፣ ኣብ ጀርመንን ኒውዚላንድን 75% ዜጋታት ዘድልዮም ክንክን ጥዕና ብቕጽበት ከምዝረኽቡ ገሊጾም። ብኣንጻሩ ካብ ዜጋታት ካናዳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ትሕቲ 50% ዕጉባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም። እቲ ጸብጻብ ኣየናይ ክፋል ማሕበራዊ ጉጅለ እዮም ዘይዕጉባት ኣይገልጽን እዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ስርዓት ጥዕና ኣብ ግምት ኣእቲኻ ግን፣ እቶም ዘይዕጉባት ጸለምቲ ኣመሪካውያንን ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታትን ምዃኖም ምግማት ይከኣል።




ይቕጽል . . .

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ዕባይ ክልተ ስድራ

ደዋሊት፥ ሄሎው ናብ ምኽሪ ብተለፎንዶ ይኸውን ደዊለ ዘለኹ?

ኣማኻሪ፥ እወ ኣይተጋገኽን። እዚ ብሃማመተኤ እናተዳለወ ዝቐርብ፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን እዩ። መን ክብልን ካበይ ትድውሊ ትህልውን?

ደዋሊት፥ ኣስመረት እበሃል። ካብ ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ኣስመረት፡ ናብ መደወሊኺ ጉዳይ በሊ ንእቶ።

ደዋሊት፥ 12 ዓመት ዝገበረ ውሉድ ኣሎኒ። እንተኾነ ግዳ ዕባይ ክልተ ስድራ እዩ። ስለዚ ጠባዩ ዝቕይር ዘሎ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ኣማኻሪ፥ ንድሕሪት ተመሊስኪ ብዛዕባ ኵነታትክን ኵነታት ኣተዓባብያ ወድኺንዶ መዕለልክኒ?

ደዋሊት፥ እዚ ቈልዓ፡ ብሰንኪ ኵነታት ስረሐይ፡ ቀትሪ ምስ ስድራይ፡ ካብ ስራሕ ምስ ተፈደስኩ ድማ ንገዛ ሒዘዮ እኸይድ ነይረ። ብኸምዚ ዝብለካ ዘለኹ፡ ክሳዕ መውዓሊ ህጻናት ወዲኡ፡ ምዱብ ምህሮኡ ዝጅምር፡ ንየው ነጀው እናበለ እዩ ዓብዩ። ጒርሕ ኢሉ፡ ገዛ ክዓጹን ክኸፍትን ኣብ ዝጀመረሉ ከኣ ካብ ስድራይ ኣምጺአ ምሳና ክነብር ጀሚሩ። ናይታ ብቑልዓኡ ምስኣቶም ዝነበሮ፡ ናብኣቶም ክመላለስ ጥራይ ይደሊ።

ኣማኻሪ፥ ብምንታይ ኢኺ እቲ ምምልላስ ጸሊእኪዮ?

ደዋሊት፥ ከም ኣብነት፡ ገለ ገይሩ ክገንሖ እንተ ፈቲነ፡ ያኢ መኹብለሊ ተረኺቦም፡ ናብኣቶም መሊቑ ይኸይድ። ደይ እንዳ ኣቦሓጎይ ዘለዉኒ ዝብል መንፈስ ከስርጽን ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ርእሲኡ፡ ኣነ ዝብሎ ሓዲጉ፡ ብናታቶም ትእዛዝ ክምራሕ ይደሊ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ኣተዓባብያ ወለዲኺ ዘሎኪ ትዕዝብቲ ከመይ ይመስል?

ደዋሊት፥ ንሳቶም ኣብ ዕቤት ገጾም ስለዝኾኑ፡ ዓቕሞም ዘፈቕዶ ጠለባቱ ከማልእሉ እዮም ዝፍትኑ። ኣቦይ ግና ቍሩብ ሕይል ኢሉ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ንስኺ ብኸመይ ዓቢኺ ዝኽሪ ይህሉወኪዶ?

ደዋሊት፥ ኣንታ ሓወይ! እቲ ንሕና ዝዓበናሉ እዋን፡ ኣተዓባብያና ፍኹስ ዝበለ ብዙሕ ጠለባት ዘይነበሮን እዩ ነይሩ። ሎሚ እዋን ግና ወዲኻ ካባኻ ተፈልዩ ክዓቢ ዝጕድሎ ጠለባት መሊኡ እዩ። ደሓር ከኣ ወለዲና ንኣና ብግቡእ ኣብ ምዕባይን ዲስፕሊን ዘሎና ኴንና ክንነብር ቀሊል ዘይኮነ



ተራ ተጻዊቶም እዮም። ስሕት ኢልካ ሓይሊ’ውን ኣይሰኣንን። እንተኾነ ሎሚ ግና ንወደይ ኣብ ምቍጽጻር ኣይግድን።

ኣማኻሪ፥ ንገለዶ ምጠቐስክለይ?

ደዋሊት፥ ሎሚ ሎሚ ኣቦይ ክዳነ ቀሪቡ እምበር፡ እታ ንሱ ዝበላ እንተ ዘይኮይና፡ ንሕና ንኹን ኣደይ ዝበለቶ ዘይሰምዕ ሰብኣይ’ዩ ነይሩ። ንሱ ይኹን እምበር፡ ሎሚ ኣሪጉ ኢልካ ብዙሕ ትዛረበሉ ኣይኮነን፣ ሓያል ዝኾነ ባህርያት በጨቕ ስለ ዘብል፡ ብዘርካበን ዝወጽኣ ቃላት ንወደይ ከይድህላ ፍርሒ ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፥ እሞ እቲ ቈልዓ ንወለዲኺ ዘበርክቶ ሓገዝ ከመይ ትርእይዮ?

ደዋሊት፥ ኣነን ሓብተይን ካብኣቶም ርሒቕና ስለዘይንነብር፡ እቲ ንኣኣቶም ዝግበር ሓገዝ ካባና ኣይስእንዎን እዮም።

ኣማኻሪ፥ ሕጂ እንታይ ከይከውን እዩ ስክፍታኺ?

ደዋሊት፥ ኣነ ደኣ ክልተ ባህርያት ሒዙ ክዓቢ፡ ኣብ ክንዲ ባህርያት ሓደናን ከባቢኡን ሒዙ ዝዓቢ፡ የማነ ጸጋም እናበለ ብናይ ክልተኡ ስድራቤትን ከባብን ተጸልዩ ክዓቢ ደኣ’ሞ ጽቡቕ ኮይኑ ኣይተሰምዓንን።

ኣማኻሪ፥ እስከ ገለ ካብቲ ንስኺ ክትገብርሉ እትሓስቢ’ሞ፡ ስድራይ ግና ኣይፍጽምዎን እዮም እትብልዮ ነገር ጥቐስለይ?

ደዋሊት፥ እንተ ሓመቕኩ ናይ ትምህርቲ ኵነታት ተኸታቲለ፡ ብዓቕመይ ምሓገዝኩዎ። እዋን ጸወታኡን ዕረፍቱን ብቐረባ እናተኸታተልኩ መዕበኹዎ።

ኣማኻሪ፥ ምስኣቶም ምምልላሱ እዚ ዝበልክዮ ከይተርፎ ድዩ ስክፍታኺ?

ደዋሊት፥ ኵሎም ወለዲ’ኳ እንተ ዘይበልኩ፡ ዝበዝሑ ደኣ ትፈልጦም እንዲኻ፡ ንኣና ምስ ሓይሎም ግዲ ረኺቦምና፡ ዝግባእ ተግሳጽን መግናሕትን እናሃቡ ከምዛ ዘየዕበዩና፡ ኣብ ደቂ ደቆም ምስ በጽሑ ‘ዝዓቢ ቈልዓ ኣይትበድል’ እናበሉ ከምቲ ወላዲኦም ዝገብሮ ዘይኮነ ሕንቓቕ ዝዓብለሎ ኣተዓባብያ እንዲና እንዕዘብ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ወደይ ኣብዚ እዋን’ዚ ዘንጸባርቖ ዘሎ ዝተፈልየ ኮይኑ ዝስመዓኒ ጠባይ፡ ውጽኢት ናይዚ ዝበልኩኻ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓኒ እኳ’የ ዝዛረብ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ምስኣቶም ምስ ቀነየ፡ ካብ ዘንጸባርቖ ፍልይ ዝበለ ነገር እስከ ኣዕልልና?

ደዋሊት፥ ኣብ ገዛና ናይ መጽናዕቲ እዋኑ እናፈለኹ ኣብ ትምህርቱ ጽቡቕ ለውጢ ገይሩ ዝቐነየ፡ እንዳ ኣቦሓጎኡ እንተ ቀንዩ ግና ግዜኡ ካብ ንትምህርቲ ብጸወታን መዛኑኡ ዝበሉዎ ዘረባን ገጹ ዝያዳ ዛዝዩ ይመጽእ ምኻኑ እዩ።

ኣማኻሪ፥ እሞ ንሱ እንተ ጸሊእክዮ፡ ጠባይ ሓደ ወገን ሒዙ ክዓቢ፡ ኣብ ኢድኪዶ ኣይኮነን?

ደዋሊት፥ ንሱስ ሓቅኻ። ኣብ ገዛይ ከምቲ ዝደልዮ ክኾነለይ ኢለ ቍሩብ እንተ ሒዘዮ፡ ስድራይ ብተለፎን ብምድዋል እንተ ዘይሰሊጡዎም ብኣካል ደቢኽ ኢሎም፡ “እዚ ወዲና እንታይ ገይሩኪ እዩ ትኸልእዮ?” እናበሉ ሒዞሞዎ ይኸዱ።

ኣማኻሪ፥ ንእኡ ንምፍታሕ ብወገንኪ ዝወሰድክዮ ስጉምቲ እንታይ ይህሉ?

ደዋሊት፥ ብወገነይ ዝገበርኩዎ ኵለንትናዊ ሓገዝ ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ “ካብ ሕጂ ግና ብፍላይ ኣብ እዋን ሓጋይ ንወዲና ክንብል ናብዚ ክመጽእን መሐከሊ ክትኮኑዎን እንተ ዘይከኣልኩም ይሓይሽ፡” ኢለ ግዜ ኣብ ዝረኸብኩሉ ብቐንዕና ንዘራረብ ኢና።

ኣማኻሪ፥ እንታይ ይብሉ’ሞ?

ደዋሊት፥ “ሓቅኺ ‘ዛጓለይ፣ ቈልዓ ይሕመቕ ይጸብቕ ጠባይ ሓደ ወገን ሒዙ እንተ ዓበየ ግርም እዩ። ግዳ ስሕት ኢልኪ ንኣና ክለኣኽና እንተ ሰደድክዮ’ውን ኣይጽላእን፡ ” ኢሎምኒ። ይቕንዩ’ሞ እናሳዕረሩኒ ከኣ ይኸዱ። ዋላ’ቲ ብዓቕመይ ዝፈልጦ ክገብሩዎ ዝግባኦም ተረዳዲእና ኢና እንፈላለ። ግና ወዲ ሰብ ብባህሪኡ እናደኸመ ኣብ ዝኸደሉ፡ ኣብ ምሕደራኡ ኣይግድን ገይረ እየ ዝግምግሞ።

ኣማኻሪ፥ ሓደ ቈልዓ ኣብ እንዳ ኣቦሓጎኡ ይዕበ ምስ ስድራኡ፡ እቲ ክረኽቦ ዝግበኦ ኣተኣላልያ እንተ ዘይረኺቡ፡ ‘ምስ መዕበይኻ ጥፉእ ይብል ሕሱም ረጋሚ’ ይብሉ ኣቦታትና ከይከውን ምእንቲ፡ ዝያዳ ስነ ፍልጠት ተሓዊሱዎ፡ ቈልዓ ብባህሪኡ ዝርኣዮ ከተግብር ህርዲግ’ዩ ዝብል። ኣብቲ ጻዕዳ ወረቐት ኣእምሮኡ፡ ዓበይቲ ዘየስተውዓልሉ ምንቅስቓሳትን ፍጻመታትን ቀሪጹ፡ መጻኢኡ ክሳብ ምውሳን ዘብጽሑዎ ነገራት፡ ካብ ሕጂኡ ስለ ዝስእል፡ ጥንቃቐታት ዝመልአ ኣተዓባብያ የድልዮ። ባህርያት ወለዲ ክሳብ’ቲ በጺሐሞ ዘለዉ እዋን፡ ብዝተፈላለየ ነገራት ዝተጸልወ እዩ። እዚ ድማ ድምር ናይቲ ዝሓለፉዎ ተመኩሮ ህይወት ክኾኑ ተኽእሎ ስለ ዘሎዎም፡ ከምቲ ናይ ቀረባ ወላዲ ገይሮም ከም ግዜኡ ዝጠልቦ ዘይክኸተሉሉ ይኽእሉ እዮም። ብኣንጻሩ ድማ ካብ ወለዶም ዝጐደሎም ክምልእሎም እውን ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ብኹሉ ሸነኻቱ ምዕዛብ ከድልየኪ እዩ። እንተ ተማእዚኑ፡ ናይ ክልተኡ ስድራቤታት ተመኩሮ ተወሃሂዱ ድማ ዝበልጹ ሰባት ክገብሮም ይኽእል እዩ።

ደዋሊት፥ እንታይ ማለትካ እዩ?

ኣማኻሪ፥ ሓደ ቈልዓ ብወለዱ ክረኽቦ ዝግበኦ እኹል ፍቕሪ ወለዲን ሓልዮትን፡ ካብ እንዳ ኣቦሓጎኡ ክድገም ይርአ እዩ። ንስኺ ምስጢራት ህይወቱ እትፈልጢ፡ ንእኡ ድልየቱን ሓሳባቱን ብምጽናዕ ከኣ ዝያዳ ተሓታቲት ኢኺ። ንስኺ ከምቶም ብግቡእ ዘዕብዩ ወለዲ ምኻንኪ ፈለማ ከተረጋግጺ ኣሎኪ። ሕደት ትእዛዛት እናሃብኪ ምክትታልኪ መታን ከተዛይዲ፡ ንኣተዓባብያኡ ብዝምልከት፡ ብዝያዳ ናባኺ ዝዘምበለ ክኸውን ይግባእ። ብእንዳ ኣቦሓጎኡ ንዝግበር ኣተዓባብያ ተዓጻጻፍነት፡ ንውሉድኩም ጌጋታትን ከይደግምን ጸጽቡቕ ባህርያቶም ብምድግጋም ከም ዝሕዞን ምርግጋጽ ናትኪ ግደ ይኸውን።

መኣስ የዕርፍን ይጻወትን፡ ኣብ እዋን በደል ከኣ ዝቕጽዓሉን ዝተባብዓሉን እዋናት ፈላሊኺ እተዕብይዮ ባዕልኺ ኢኺ። ንውሉድኪ ክሳብ ምሉእ ሓላፍነት ተሰሚዑዎ ነብሱ ዝኽእል፡ ኣብ ልዕሊ ወለዲኺ ኣብ ክንዲ ብዓይኒ ነቐፌታ ብሓልዮት ክረአ የድሊ። ብወገን ዓበይቲ ወለዲና፡ ዝበዝሕ እዋን ዝርአ፡ ናጽነት ከም ዝህሉዎም ዝገብር ቅዱ፡ የርብሕን ኣየርብሕን፡ ናይ ምምማይ መሰርሕ ንቑልዑ ዘይግደፍ ዕማም ምኻኑ ምርዳእ። ብወገን ወለዲና ዋላ ምኽሪ ይለግሱ፡ ብመንጽር ዕድመኦም ዝመጣጠን ክኸውን ዘሎዎ ተኽእሎ ውሕድ ዝበለ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብሕማቕ ዘይኮነ ንእኦም ዝርኣዮም፡ ዓበይቲ ጌጋታት እምበር ንናእሽቱ ዘይከስተውዕሉ ስለ ዝኽእሉ ጥንቃቐኡ ኣባኺ ስለ ዝዓቢ፡ ኣተኵሮኺ ዝሓትት እዩ። ቈልዓ ኣብ ምንታይ ውዒሉ፡ ብዓል መን እዮም መካይዱ ከተለልዩ፡ ንኣኺ ከም ዝቐርብ ፍሉጥ እዩ።

ስለዚ ዝኸበርኪ ኣስመረት፡ መጻኢኡ ጥጡሕ፡ ብሱል ሰብ መታን ክኸውን፡ ናብ ስድራኺ ከይከይድ ምኽልካል ዘይኮነ፡ ሃዲእኪ ረብሓታቱን ሃሰያታቱን ምስኣቶም እናተረዳዳእኪ ምዕባዩ ይሕሸኪ።

ኣብ ወለዲኺ ዝተዓዘብክዮ ዘይትድግፍዮ ነገር’ኳ እንተ ሃለወ፡ ብዙሓት እንዳ ኣቦሓጎታት ንደቂ ደቆም ልዕሊ ናይ ስጋ ወለዶም ኮይኖም፡ ካብ እዋን ህጻንነቶም ኣብ ምዕባለ ኣእምሮ ህጻናት ዝቕረጽ ብባህልን ልምድን ሕብረተሰባት ዝሃብተመ ጽውጽዋያት፡ ለዚቦም ብምኽሪን ብዋዛን መልክዕ ስርዓትን ኣገባብን ዝምህሩ ብዙሓት እዮም። ተመኩሮ ዓበይቲ ኣብ እዋኑ ናብ ንኣሽቱ እንተ ሓሊፉ፡ ብሉጻት ዜጋታት ከፍሪ ይኽእል እዩ። ክንደይ ሳላ እንዳ ኣቦሓጎና ኣብዚ ጥርዚ ክንበጽሕ ክኢልና እናበሉ ዘዕልሉ ብዙሓት እዮም። ስለዚ፡ ብኣኣቶም ዝርከብ እወታዊ ነገራት ምስትውዓል’ውን የድሊ ኮይኑ ይስመዓና።

ደዋሊት፥ ሕራይ በል ንኹሉ ኣብ ግምት ኣእትየ ብዓቕሊ ነገራት ተዓዚበ ኣብ ውሳነ ክበጽሕ ሓጊዝካኒ ኣለኻ፣ የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፥ ኣነ’ውን ተመኩሮኺ ንኣና ኣካፊልኪ፡ ንኻልኦት ከማኺ ስድራቤታት፡ ንዘሎወን ስክፍታ ተናኺፍኪ ምሳይ ስለ ዝጸናሕኪ ኣመስግነኪ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኣብ ወሽጢ ኮሌጅ ዝርከብ እንዳ ሻሂ፡ ንኽልተ ዓመት-ትምህርታት ማለት ካብ መስከረም 2025 ክሳብ ሓምለ 2027 ኣጫሪቱ ከካርዮ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።
ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም፡

1. ቅዳሕ ናይ 2023 ወይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን (ልቸንሳ) እንዳ ሻሂን ደኳንን ፎቶ ኮፒ ታሲራን ግብሪ ዝኸፈሉሉ ናይ 2024 ክለራንስ (Clearance) ምቕራብ የድሊ።
2. ተጫራቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸመ ወይ ዘይምልኩዑ ምኽንያት/ና መረጋገጺ የቕርብ።
3.መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ብ C.P.O ብስሙ የትሕዝ።
4. ዘድሊ ንብረት እንዳሻሂ ክቐርብ ዝኽእል፡ ብውሑዱ10 ጠዋለ፡ 30 ሰድያታት፡ 50 ብኬራታት ሻሂ፡15 ብኬራታት ሮግኣን ጸማቖን፡ ፍሪጅ፡ ጀነረተር።
5. ተዓዋቲ ዘሀለኾ ኤለክትሪክ ባዕሉ ይኸፍል። ማይ ብነጻ ይግልገል። ከረን ሓመልማሎ፡ ሓመልማሎ፣ ከረን መጉዓዝያ ምስ መካይን ናይ ኮሌጅ ብናጻ ይግልገል። ተወሳኺ'ውን ኮሌጅ ናይ ጠዋሉን ሰድያታትን ብከፊል ሓገዝ ይገብር።
6. ብመሰረት ኮሌጅ ዘዳለዎ ፎርም፡ተጫራታይ ወርሓዊ ክኸፍሎ ዝኽእል ክራይ እንዳ ሻሂን ብዝጸረ ተጻሒፉ ኣብ ሰታሪት ዓሺጉ የቕርብ።
7. ፎርም መቕረቢ ዋጋ ሃለኽቲ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ክፍሊ ፋይናንስ ወይ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ክወሰድ ይከኣል።
8. ተዓዋቲ ኣብ ግዜ ምጅማር ከማልኦ ዘለዎ ነገራት ከየማልአ ስራሕ ክጅምር ኣይፍቀደን። ከየማልአ 10 መዓልታት እንተ ኣሕሊፉ እቲ ዕድል ናይ ስራሕ ብቐጥታ ንኻልኣይ ተዓዋቲ ጨረታ ይወሃብ።
9. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ መዓልቲ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ሰዓት10:00 ቅ.ቐ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን፡ ክሳተፍ ዝደሊ ኣካልን ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ልክዕ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልቲ ካብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ሰዓት 10:05 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብግልጺ ይኽፈት።
10. ኮሌጅ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተ ረኺቡ፡ንጨረታ ብከፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ምም/ፋይናንስን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን

ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ-ነፍሒ ንዓመተ 2026 ንሓደ ዓመት (01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026) ዝጸንሕ ውዕል ንምግባር ብኽፉት ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተጫረትቲ (ኣቕረብቲ) ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ክፉት እዩ።
2. ዝርዝር ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን መምስ ንጽል (ንኪሎ) ዋግኡ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስጣ ይቐርብ።
3. ቅዳሕ ናይ 2024 ዝታሓደሰ ፍቓድ ንግድን ክለራንስ ከምኡ'ውን ቅዳሕ መንነት ወረቐት የቕርብ።
4. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ ይወስዱ።
5. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 200,000 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ) ብ C.P.O የትሕዙ።
6. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደሊ ኣብ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብቑ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘኣዝዞ መሰረት  ይካየድ።
8. ጨረታ ካብ ዕለት 09/09/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ዕለት 09/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ን30 ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ዕለት 09/10/2025 ሰዓት 10:30 ቅ/ቀ  ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ መኣከቢ ኣዳራሽ (7 109) ይኽፈት።
9.ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለው እዩ።

ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ-ነፍሒ

---

ኣመልካቲ ዓብዱ ዓሊ ሓምድ +9 ዝኾንና፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ኮይታ ዝርከብ ገዛ ASP 00052607 ASD 00047629 ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ዘሎ 855 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 6 ተሓጋገዝቲ 1 ዝጠቓለለ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASMO17726 ብስምና ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንተኽለ ዘርኣይ ዝሸጥናሉ ናብ ስሙ ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ዓብዱ ዓሊ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ 4 ኣስመራ ቤት ገርግሽ ቁ.ገዛ-ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00042208 ናይ ቤት ቁርሲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኑቢያት ኤልያስ ኣፈወርቂ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ሸግርኒ ብዕለት 28/08/2025 ቁ.መዝ 208/2025 ብውህብቶ ስለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሓቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ።

ሰመረ ኤልያስ ኣፈወርቂ

---

ኣመልካቲት ሰላማዊት ደበሳይ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና ዳህላክ ከበር ዝርከብ ገዛ ASP 00010083 ASD 00011578 ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ዘሎ 120 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋገዝቲ 2 ዝጠቓለለ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1:001548/1 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ንእምባይጃሽ ብርሃ ስለ ዝሸጥኩላ፡ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሰላማዊት ደበሳይ

---

ኣመልካቲት ሰላማዊት ደበሳይ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና ዳህላክ ከበር ዝርከብ ገዛ ASP 00010083 ASD 00011578 ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ዘሎ 120 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋገዝቲ 2 ዝጠቓለለ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1:001548/1 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ንንግስቲ ዑቕባዝጊ ስለ ዝሸጥኩላ፡ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሰላማዊት ደበሳይ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ከበቢ ኣምሀር ኣብ ዞን 01 መደብ 29 ቃጽያ D ንመንበሪ ጤሳ ዝተወሃበኒ ሰነድ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺብዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዝዮ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑ.ስልኪ 07123592 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ኣስመሮም ክፍሎም ደበሳይ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ንየት ሓየሉ ተወልዱ ዓየይ ደሃብ የሃንስ ዑቕባጋብር ስለዝዋረፈት፡ ንኣደይ ተኪእና ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንየት ሓየሉ ተወልዱ ኣሞይ ማሰረት ተወልደ ባህታን ሓወቦይ ኣሰፋው ተወልደ ባህታን ስለዝዋረፉ፡ 7 ኣሕዋቶምን 3 ተተኪእቲ ደቂ ሓምምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣቶ በየነ ዕቑባይ ኪዳኑ ኣደይ ለተሚካኤል ሃብተየም ክፍሉም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ረያት መሓሙድ ዐሰማን እድሪስ ምባል ተረፉ ረያት ዓሓ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደላ ኣብር እድሪስ ምባል ተረፉ ዓብደላ መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣመልካቲ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገጀረት ጎደና 752-3 ዝርከብ ገዛ ASP 00046975 ASD 00046595 ስፍሓት መሬት 187.41 ት/ሜ ብዘለሐ. ክፍሊ. ቀንዲ 6 ተሓጋገዝቲ 3 ዘጠቓልል፡ ብሽም ሰጊድ ኣልኣዞር በኺት ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1/016185 ዝተመዝገበ ስለዝዋደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ዕድል የማ እስቲፋኖስ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡

ዕድል የማ

---

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 113-8 ዝርከብ ዚፕ 1-A113 ፕሎት-29 ፓርሰል-Cቁ/መ 108486 መ/ቁ 107391 ከምኡ'ውን ኣብ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 111-5 ዚፕ 1A-111 ፕሎት-90 ፓርቸል-1Z ቁ/መ 108486 መ/ቁ 107391 ብሽም ኣፍ/ኣብራሃ ወልደሰላሴ፡ኣፍ/ራት ዘውዲ ተስፋሚካኤል ምስ ደቆም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ እቲ ኦርጂናል ሰነዳት ደሊና ስለ ዝሰኣንናዮ፡ ዝኾነ ብዕዳ ሒዝዎ ወይ ረኺብዎ ዝበለ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07632282 ክሕብረና፡ እንተዘይሮይኑ ግን መተካእታኡ ኦርጂናል ሰነዳት ንኽወሃበና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረስቲ ኣፍ/ኣብራሃ ወልደሰላሴ
ሳንድሮ ዳዊት

---

ወ/ሮ ኣይንኣለም ኣስመሮም ሃብተጼን ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ መጋዘኢ ኣቕሑ ንግዳዊ ትካለን "በዙ ኮስመቲክስ" (BIZU COSMETICS) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ኣስመራ ከባቢ/ዚፕ ኮድ ሰምበል 1A774 ጎደና 747-4 ቁ.ገዛ 412 ፕሎት S 313 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00000398 ፓርሰል S 313 ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፤000935 ብሽም 1.ኣብርሃ ጥዑምዝጊ ወልደምህረት 2.ኣቦባ ወልደገብርኤል ተሰፉ ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07126395 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ኣብርሃ ጥዑምዝጊ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ 03 ዚፕ ኮድ 6K-1371 ፕሎት/ብሎክ 6 ፓርሰል POP 6 ብቑ ምስክር ወረቐት 303940 መወከሲ ቁ. 30917 ስፍሓት መሬት 91.23 ት/ሜ፡ 4 ቀንዲ ክፍሊ 4 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ዝተደኮና፡ ብሽም ወረስቲ ነ/ሄር መሓመድ ኣደም ኢብራሂም ዓሊ ወ/ሮ እሙና መሳ ምስ 4 ደቆም ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከሰጋግር ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ብዘሎና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ እሙና መሳ ምስ 4 ደቃ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ገርሰት (ጎደና 807 ነበር) ቁ.ገዛ 122/24 ፕሎት 29 ፓርሰል P ስፍሓት መሬት 150.0 ት/ሜ ብቑ. ምስክር ወረቐት 109947 መወከሲ ቁ.116514 ብሽም ስወእ ተኽለ ስብሃቱ ስማዕቱ ዝተመዝገበ ደቆም ብውርሲ ዝረኸብዎ ስለዝዋደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ብዘሎኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሳህለ ተኽለ ስብሃቱ

---

ብሽም ተኽላይ ተስፋይ ገ/ህይወት፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ጻ/ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 000451 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 008972 ፕሎት 129 ፓርሰል H ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07402302 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ተኽላይ ተስፋይ ገ/ህይወት

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን በርበረን ምስ ቀመመን)
ዓዳጊ፡ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ኣርእስቲ፡ ውዕሉ- ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንዓመት 2026 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ንኣብ ትሕተኡ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሕርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሰቤዛ በርበረ ምስ ቀመመን) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተወዳደርቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2023/2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2023/2024 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4.ተወዳደርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 401229/163095 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጕዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተወዳደርቲ፡ሕጋውያን ወከልቲ ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፡ ሰነዳት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ልክዕ ድሕሪ 30 መዓልቲ ካብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ሰዓት 10:30 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብግልጺ ይኸፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ ወይ C.P.O ናይ ኣሰቤዛ 200,000 ናቕፋ ከምኡ'ውን ናይ በርበረ ምስ ቀመሙ 50,000 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ቁ.ሳ.ፖ 397 ከረን,ኤርትራ
ቁ.ቴሌፎን 4012219/163095

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ሕጉስ ስድራቤት፡ መሰረት ርጉእ ሕብረተሰብ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት

ስድራቤት ንሕብረተሰብ ካብ ዘቖሙ መሰረታዊ ኣሃዱ ሓደ እዩ። ስድራቤት ክበሃል ከሎ፡ ብውልደት ወይ ማሕበራዊ ምቅርራብ ብመልክዕ ሓዳር ዝተዛመዱ ሰባት ዝምስርትዎ ማሕበራዊ ኣካል ተባሂሉ ክጽዋዕ ይኽእል። ስድራቤት ካብ ዝምስረተሉ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ቀጻልነትን ርግኣትን ሕብረተሰብ ዘለዎ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብጥንቁቕ መንገዲ ክምስረት ይግባእ።

ኣብ እኹል ዕድመ ብጽሕና ዘለዉ ዜጋታት፡ ስድራቤት ንምምስራት ኣብ ዝወስኑሉ እዋን፡ ካብኦም ዝድለ ስነ ኣእምሮዊ፡ ኣካላዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ምድላዋትን ንቕሓትን ክውንኑ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ምግባር ኣብ መጻኢ ኣብ መንነኦም ክህሉ ንዝድለ ሰላምን ውህደትን ብምዝያድ፡ ንሕጉስን ሰላማውን ስድራቤት መሰረት ምንጻፍ ማለት እዩ።

ስድራቤት ብዙሕ ዓይነት ኣቃውማታት ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ደማ ሕመረታዊ ስድራቤት (nuclear family)፡ ዝርጉሕ ስድራቤት (extended family)፡ ሓደ ወላዲ ዝመርሖ ስድራቤትን (single headed family) ተባሂሎም ይጽውዑ። ሕመረታዊ ስድራቤት ዝበሃል፡ ኣደን ኣቦን ምስ ዓቕሚ ኣዳም ዘይበጽሑ ደቆም ዝርከብዎ እዩ። እዚ ዓይነት ስድራቤት ዝበዝሐ እዋን ሕብረተሰብ ናብ ኢንዱስትርያውነትን ምኽታምን ገጹ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ (ካብ 1760 ዓ.ም) ክምስረት ዝጀመረ እዩ።

ሕመረታዊ ስድራቤት ዝምስርቱ ኣቦን ኣደን ኣብ እኹል ዕድመ ምስ በጽሑ ዝ ዓይነት ስድራቤት ኣብ ዝምስርትሉ እዋን ካብ ስድራቤቶምን መቕርቦምን ርሒቖም ናቶም ህይወት ዝጅምሩሉ እዩ። ሕመረታዊ ስድራቤት ኣብ ዝምስሩቱሉ እዋን ኣቦን ኣደን ዝበዝሐ ሓላፍነቶም ኣብ ዙርያ ምዕባይን ምምልማልን ደቆም መሰረት ዝገበረ እዩ። ዘሎም ካልእ ማሕበራዊ ሓላፍነታት ከም ምንባይ ወለዶምን መቕርቦምን ብኣልኣዊ ደረጃ ዝርአ ወይ ብዙሕ ግምት ዘይወሃቦ እዩ።

ሓደ ወላዲ ዝመርሖ ስድራቤት ድማ፡ ኣቦ ወይ ኣደ በይናም ማለት ብዘይ ህላወ ካልእ ወላዲ ዝመርሕዎ ስድራቤት እዩ። እዚ ከኣ፡ ሓደ ካብ ወለዱ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ማለት ብፍትሕ፡ ደሃይ ብምጥፋእ፡ ብሞት ወዘተ. ኣብቲ ስድራቤት ምስ ዘይህሉ ዝፍጠር ኮይኑ፡ ምንባይን ምክንኻንን ቈልዑን ሓዳርን ደማ ኣብ እንግድዓ እቲ ሓደ ወላዲ ኣብ ዝወድቀሉ እዋን ዝኽሰት እዩ።

ዝርጉሕ ስድራቤት ዝበሃል ከኣ፡ ካልእ ዓይነት ኣቃውማ ናይ ስድራ እዩ። ዝርጉሕ ስድራቤት ከም ስሙ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ዘጠቓልል እዩ። ንኣብነት፡ ኣቦ፡ ኣደ፡ ቆልዑ፡ እኖሓጎ፡ ኣቦሓጎ፡ ሓትኖታት፡ ሓወቦታት ወዘተ. ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ስድራቤት ዝጥርንፍ እዩ። እዚ ዓይነት ስድራቤት ዝበዝሐ እዋን ኣብ ገጠራት ብሕርሻን መጓሰን ኣብ ዝነብሩ ሕብረተሰባት ዝርአ እዩ። ብዘይካዚ ምሕብር ዝኾነ ናይ ምንባር ሜላ ወይ ባህሊ ኣብ ዘውንኑ ሕብረተሰባት ከኣ ይርአ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣቃውማ ናይ ስድራቤት ዘለዉ ኣቦን ኣደን ሓላፍነቶም ንደቆም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኹሎም ኣብ ዙርያኦም ዘለዉ ኣባላት'ውን ዘጠቓልለ እዩ። ኣብ ዝርጉሕ ስድራቤት ዝርከቡ ኣዝማድ ናቶም ስድራቤታት ሓዚኖም'ውን ኣብቲ ስድራቤት ክጠቓለሉ ይኽእሉ እዮም።

ስድራቤት በየናይ ኣቃውማ ይቖውም ዝለዓለ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ዘለዎም፡ ኣቦን ኣደን እዮም። እቲ ዝቐውም



ስድራቤት ኣብ ዝቖመሉ እዋን ኣቦን ኣደን ንማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ኩነታቶም፡ ከምኡ'ውን ባህልን ክብርታትን ናይ ሕብረተሰቦም መሰረት ገይሮም ውሳኔኦም ይወስዱ። ኣየናይ ዓይነት ኣቃውማ ስድራቤት ደብልጽ ወይ ዝሓሸ ሓጎስ ኣብ መጻምድቲ ደፈጥር ንዝብል ምገት ግን፡ ህሉው ማሕበረ ቍጠባዊ ኩነታት ናይ ተጻመድቲ፡ ባህልን ክብርታትን ናይ'ቲ ዘለውዎ ሕብረተሰብን ዝውስኖ እዩ።

ሕጉስ ስድራቤት ንምምስራት ዘኽእል መሰረታዊ ነጥቢ ኣቦን ኣደን ቅድሚ ናብ ምምስራት ስድራቤት ምኻዶም ዝድለ ቅድመ ምድላዋት ክዝበሩ ክለዉ እዩ። ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ቅድሚ ምምስራት ስድራቤት ዘሎ ዓይነት ዝምድና ኣቦን ኣደን እቲ ወሳኒ ምኻኑ የረድኡ። ኣቦን ኣደን ቅድሚ ናብ ወላዲ ምብጽሖምን ሓዳር ምምስራቶምን ዝነበሮም ዓይነት ዝምድና ንቲ ኣብ መጻኢ ዝፈጥርዎ ስድራቤት ወሳኒ እዩ።

ኣብ ዝምድናታት ኣንጻር ጾታ ኣመልኪቶም መጽናዕትታት ዘካይዱ ምሁራት ስነ ልቦና፡ እኹል ዕድመ ዝበጽሑ መንእሰያት ኣብ ፍቕራዊ ዝምድናታት ኣብ ዝኣትውሉ እዋን ኣብ ፍቕራዊ ሂወት ብጽዩም ክልተ ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ ክህልዎም ከም ዝኽእል ይገልጹ። እቲ ቀዳማይ፡ "ፍቕራዊ መጻምደይ፡ ብናተይ ናጻ ድሌት ዝተላለኽዎን ዝኾነ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙ ክገድፎ ዝኽእልን'የ" ብዝብል ኩነት ኣእምሮ ዝተሃንጸ ኮይኑ፡ ፍቕረት ከምቲ ብስምምዕ ዝመስረትዎ እንተ ዘይተረዳዲኦም ክገድፍዎ ዝኽእሉ ምኻኖም ይኣምኑ። እቲ ካልኣይ ኣመለኻኽታ ድማ፡ ፍቕረት ኣብ ግዜ ዝምድና እቲ ምስኦም ዘሎ ሰብ ንዕኦም ተባሂሉ ዝተፈጥረ ሰብ (soul mate) ምኻኑ ብምእማን፡ ብዘይካ ምስኡ ምስ ካልእ ክነብሩ ከምዘይክእሉ ንኡሶም ዘእምኑሉ እዩ። በዚ መሰረት ወላ ፈታኒ ኩነታት እንተ ኣጋጢመ ካብቲ ሰብ ንኸይፍለዩ ዝኾነ ዋጋ ክኸፍሉ ቅሩባት እዮም።

እዚ ክልተ ዓይነት ኣመለኻኽታ ናይ ፍቕረት፡ ኣብ መጻኢ ኣቦን ኣደን ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ንዝምስርትዎ ስድራቤትን ሕጉስ ኣብ ምግባሩን መሰረታዊ እዩ። ስድራቤት ምቛም ክልተ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታን ኣመለኻኽታን ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ሓደ ቅርዓት ብምምጻእ ፍልልያቶም ኣጻቢቦም ብሓንሳብ ክነብሩ ዝሕተቱሉ መድረኽ እዩ። ዚ ኣብ ባይታ ንምትግባር ነቲ ስድራቤት ዘቖሞ ሓላፍነት ብዙሕ ምውጻእን ምርዳእን የድሊ። ፍቕራዊ ዝምድናታት ካብ ሓዳር ዝተፈልየ ዝነበር፡ ፍቕረት ብሓንሳብ ንኽቕጽሉ ዘገድድ ሕጋዊ፡ ባህላውን ማህበራውን ቀይድታት ዘይብሉ ምኻኑ እዩ። ፍቕረት ብመንገዲ ሓዳር ኣብሉም ናብ ምምስራት ስድራ ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን ግን፡ ብሓንሳብ ክነብሩን ርጉእ ስድራቤት ክሃንጹን ትጽበት ሕብረተሰብ እዩ።

ምሕያል ክፉት ምብሃል ኣብ ምሕያል ጥምረት ስድራቤት ኣገዳሲ እዩ። ኣባላት ስድራቤት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ኣተኩሮም ዝዘርዎ ምይይጥ፡ ኣብ መንነኦም ዝሎ ጋግ ብምጽባብ ኣብ ብርክት ዝበለ ጉዳያት ሓብራዊ ኣጠማምታ ክህልዎም ስለ ዝዝበር፡ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። ሓደ ካብ መለለዪ ሕጉስ ስድራቤት ግልጽነት ብምኻኑ፡ ኣብዚ ዘተኮረ ሰፊሕ መረዳእታ ምውናን የድሊ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘምርድዳእ ክዮርጉ ዝኽእሉ ጸገማት ብኽፉት ምብህሃል ብምፍታሕ፡ ሕጉስ ስድራቤታት ምህናጽ ይከኣል እዩ።



ሓዳር ምጅማር፡ ቅድሚ ምህናጽ ስድራቤት ዝመጽእ ማሕበራዊ ተርእዮ እዩ። ሓዳር እንታይ፣ ንምንታይ ዕላማኸ ይምስረት? ዝብል ነጥቢ ኣቦን ኣደን ቅድሚ ስድራ ምምስራቶም ክምልስዎ ይግባእ። ሓዳር ብርክት ዝበለ መግለጺ ክወሃቦ ዝኽእል'ኳ እንተ ኾነ፡ ብሓፈሻኡ ግን ክልተ ኣብ እኹል ዕድመ ዝበጽሑ ተጻመድቲ ብሓንሳብ ክነብሩ ዝዝበርዎ መውሰቦ ወይ ውዕል ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ብዘይካዚ፡ ክልተ ተጻመድቲ ናብ ዝቐጽል ክፋል ህይወቶም ዝሰጋገሩሉ ማሕበራዊ ኣጋጣሚ ተባሂሉ ይግለጽ እዩ። ካብ መሰረታዊ ዕላማ ሓዳር ምህናጽ፡ ሕጉስን ርጉእን ስድራቤት ምኻኑ፡ ብሰብ ሓዳር ክሰላት ዘይግባእ መረዳእታ እዩ።

መሰረት ሕጉስ ስድራቤት እንታይ እዩ? ዝብል ነጥቢ ንምምላስ ብዙሕ መጽናዕትታት ተገይሩ እዩ። ኣብ ስድራቤት ጠንቂ ዘይዕጉብነትን ዘይምርድዳእን ዝኸውን ማሕበረ ቁጠባዊ ምኽንያታት ክህሉ ከም ዝኽእል ዞማትእ ኣይተሓዝ። ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ግን ጉድለት ኣእምሮኣዊ ብስለት ካብቶም ቀንደን መሰረታውያንን ጠንቂ ግርጭት ኣብ ኣባላት ስድራቤት ምኻኑ የረጋግጹ። ብዓይኒ ሓዳር ክርአ ከሎ፡ ኣእምሮኣዊ ብስለት ምውናን ማለት፡ ስድራቤት ብርጉእን ሕጉስን መንገዲ ምእንቲ ክጎዓዝ፡ ውልቃዊ ባህግታትካ ምቕታልን ሕድገታት ምግባርን ማለት እዩ።

ኣእምሮኣዊ ብስለት ከይወሃኻ ስድራ ምምስራት፡ ኣብ ስድራቤት ክፍጠር ንዝኽእል ግርጭታት ንምምሕዳር ዝኽእል ኣእምሮኣዊ ጸዓት ከይወሃኻ ምእታው ማለት እዩ። ሰላማዊ ኣፈታትሓ ግርጭታት ኣብ ስድራቤት ኣብ ዘይህልወሉ እዋን፡ ነቲ ስድራቤት ናብ ምፍራስ ብምውሳድ ናብ ፍትሕ ከምርሕ ዝዝበር እዩ። ጥምረት ስድራቤት ንምርግጋጽ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ብድሆታት ብሰላማውን ስልጡንን መንገድታት ንምፍታሕ፡ ሃናጺ ተጠዋዕታት ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ብሰንኪ ናእሽቱን ዓበይትን ግርጭታት ብፍትሕ ዝፈርሱ ስድራቤታት ዝፈጥርዎ ማሕበራዊ፡ ስነኣእምሮኣውን ቁጠባውን ጸገማት ዘይተኣደነ እዩ።

ዳኒኤል ጎልማን ዝተባህለ ክኢላ ስነ ኣእምሮ፡ "ስሚታዊ ብልሒ" ኣብ ዝብል መጽሓፉ፡ ብርክት ዝበሉ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ገበናት ዝተዋፈሩን ፍሩም ዘጥፍኡን ሰባት ኣብ ዘይሕጋዊ ስድራቤት ዝዓበዩ ምኻኖም የመልክት። ብዘይካዚ ኣብ ዘይሕጉስ ስድራቤት ዝዓበዩ ሰባት፡ ሕልፈ ካልኦት ብኸም ቅዛት፡ ጭንቀት፡ ሻቕሎት፡ ምሕር ሕርቃን፡ ኑበስ ምትሓት፡ ስእነት ድቃስ፡ ምሕር ፍርሒ፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ስነ ኣእምሮውን ጥዕናውን ጸገማት ከም ዝጥቅዑ፣ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ብዙሕ ሕገታት ከምዝዩሩ ይጠቅሱ።

ምምስራት ሕጉስ ስድራቤት ልክዕ ከም ምንጻፍ ድልዱል መሰረት ዘለዎ ሕብረተሰብ ክወሰድ ይከኣል። ሕብረተሰብ ውጽኢት ብርክት ዝበሉ ስድራቤታት ብምኻኑ ሕጉስ ስድራቤት ንምህናጽ ዝግበር ከይዲ ኣብ ኣባላት ስድራቤት ጥራይ ዘይተሓ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎ እወታዊ ጽልዋ'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ስድራቤታት፡ ብሕጉስ መንገዲ ህይወቶን ኣብ ዝመርሓሉ እዋን፡ ካብኣን ዝውለዱ ቆልዑ ንሕብረተሰብ ዝጠቅም ስራሕ ዝሰርሑን ሃናጺ ዕላማታት ዘለዎምን ይኾኑ። ምኽሰኩስ ኣፍራዱ ዜጋ ካብ ስድራቤት ዝጅምር ኣገዳሲ መስርሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መስርሕ ምኽሰኩስ ኣፍራዱ ዜጋ 'ምምሕባር' ኣገዳሲ ኣምር እዩ።

ምምሕባር ማለት፡ ሓደ ሰብ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ዝመሃረሉ መስርሕ እዩ። ስድራቤት ከም ሓደ ካብ ወሰንቲ ማሕበራዊ ትካላት፡ ንህጻናት ብምምሕባርን ምምልማልን ኣብ ግዜ ቁልዕነቶም ባህሊ፡ ክብሪ፡ ልምድታት ሕብረተሰብ ክፈልጡ ኣብ ምግባር ወሳኒ ተራ ይጻወት። ማሕበራዊ ርግኣት ሕብረተሰብ ብህላወ ብሉጽ ክብርታትን ባህልን ዝዕቀን እዩ። ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዝዓጠቐ ኣፍራዱ ዜጋ ንምህናጽ ድማ ስድራቤት ዝጻወቶ ተራ ልዑል እዩ። ስድራቤት፡ ሕጉስን ርጉእን ኣብ ዝኾኑሉ እዋን፡ ንዝወልድዎም ቆልዑ ብሉጻት ኣብ ምግባር ዘድልዮ ዕድላት ዝዓጠቐ ብምኻኑ፡ ብባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ክዕብዩ ኣብ ምግባር፡ ዓቢ ተራ እዩ ዝጻወት።

ኣብ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ሰላም ምህላው ሓደ ካብ መሰረታዊ ማሕበራዊ ዕላማታት እዩ። ማሕበራዊ ሰላም ንምፍጣር ስድራቤታት ሕጉሳትን ርጉኣትን ምኻነን ምርግጋጽ የድሊ። ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ስድራቤታት ቅድምን ድሕርን ምምስራተን ዝጋጥመን ብድሆታት ንምምጣም ዘኽእል ዕጥቀታት ክዓጥቃ፡ ሕጉሳት ብምኻን ኣብ ምዝያድ ርጉእ ሕብረተሰብ ተራአን ክጻወታን ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ክዋጻእ ይግባእ።





ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሌላ ምስ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ



ኣቶ ሙሳ ሓጅ መሓመድ

ስእሊ - ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ
ኣቶ ሙሳ ሓጅ መሓመድ

ደቡብ ደንካልያ፡ ብሸነኽ ደቡብ ምስ ጐረቤት ሃገር እትዳወብ ረሓይታ ኣሎ፡ ብምብራቕ ምስ ቀይሕ ባሕሪን የማናይ ብሸነኽ ምዕራብ ምስ ኢትዮጵያ፡ ብሰሜን ድማ ምስ ንኡስ ዞባ ማእከል ደንካልያ ዝዳወብ ንኡስ ዞባ እዩ።

ካብ ዓሰብ ክሳብ ራስ ዱሜራ ኣስታት 300 ኪ.ሜ ዝዝርጋሕ ገምገም ባሕሪ ዘለዎ ብስፍሓት መሬት ኩነ ብዝሒ ህዝቢ ናይ'ቲ ዞባ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስረዕ ሓደ ካብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ብዘረ ዓፋር ጥራይ ዝዙብሮ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ 36 ዓዲታት ኣለዋኦ። ኣብ 10 ምምሕዳር ከባቢታት - ርሓይቶ፡ ኣቦካሎማ፡ ሓርሰሌ፡ ደበርሲማ፡ በዩሉል፡ በራዕሶሊ፡ ወደ፡ ሰዱሕ ዔላ፡ ሰሮሩን ምንድማን ተጠርኒፉ ኣስታት 29 ሽሕ ህዝቢ ይነብር። ካብቲ ዝበዝሐ ምስ ምግፋፍ ዓሳን ካልእ ጸጋታት ባሕርን ከምኡ ድማ፡ ኣብ መጓሰን ዝምርኮስ ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ ድማ ኣብ ንግዲን ምጡን ሕርሻዊ ንጥፈታትን እናሰላሰለ ህይወቱ ዝመርሕ'ዩ። ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ዓለም ለኻዊ መስመር ባሕሪ ማለት መጻብቦ ባብኤል መንደብ ስለ ዝርከብ፡ ተጠማቲን ተባሂጊን ካብ ዝዙብርዎ ረቛሒታት ሓደ'ዩ። እቶም ምስ ባሕሪ ዝተኣሳሰር ህይወት ዘለዎም ነበርቲ ናይቲ ንኡስ ዞባ፡ ብማሕበር ዝተጠርኑ'የም። እቶም ብማሕበር ዝተጠርኑ ገፋፍቲ ዓሳ፡ ብኮርፖረሽን ሃብቲ ዓሳ ናይ ናውቲ ሞተር ይኸውን ካልእ ደገፍ እናተገበረሎም ንጥፈታቶም የሰላስሉ። ንሎሚ ትሕዝቶ ዓምዲ ልምዓት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንሓፈሻዊ ኩነታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ዘብርህ ኩይኑ፡ ጸማቑ ምስ ኣመሓዳሪ ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሙሳ ሓጅ መሓመድ፡ ዘየደናዮ ቃለመሕተት ይስዕብ፦

ንኡስ ዞባ ደንካልያ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደራ ኣስታት 30 ዝጽሓ ዓበይቲን ንኣሹቱን ደሴታት ይርከባ። ሓሊቡ፡ ፋጥሜ ደሴታት ናይ ከባቢ በራዕሶሊ ድማ፡ ገለ ካብተን ዝሰፍሓን ዝበዝሐን ዓሳ ዝግፈፈለን ደሴታት ናይቲ ንኡስ ዞባ እየን። ብዘይካ'ዚ፡ ጥምጥም ባሕርን ደሴታትን ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ብጠረብ ሾራ ዝማዕረገ'የም።

ጂኦግራፍያዊ ኣቃውማ መሬት ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ወይኑደጋውን ቆላን ኩይኑ፡ ዝሰፍሐ ክፋሉ ከም ብዓል ዓርኮብኮባይ፡ ጨዓ ዓላ፡ ክሌማ፡ ሰራው፡ ኣበው፡ ሓርሰሌ፡ በዩሉል፡ በራዕሶሊ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ግርማ መሬት ብዘኽሉ በበዓይኑቶም ኣግራብ ከበሳን ቆላን ዝተሸፈነ'ዩ። ካብኡ ናብኡ ዓርኮብኮባይ ብፍሉይ ሕላገት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ምኳኑን ንዝሰፍሐ መሬት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሽፋኑ ዝርከብ ገረብ ምኳኑን ሰዓት የመልክቱ። ኣገዳሲ ብዙሕ ጥቕሚታት ከም ዘለዎም ዝገለጸ ዓርኮብኮባይ፡ ንመስርሒ ገዛ ተንከቢት፡ መስተ ዱማ ዓት መግቢ ሰብትን እንስሳታትን ኣብ ፋብሪካታት ኣትዩ መልክዓ፡ ክሼ...ዝኣመሰሉ ናውቲ ገለ ካብ ወጽኢት ብዙሕ ጥቕሚታቱ'የም።

**ሕርሻ፦** ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከተካይድ ዝዕድሙ፡ ሃብታም ትሕተ-ብይታኣዊ ማይን ልሙዕ ሓመድን ዘውጉ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ኣለዉ። ኣብዚ ከም ብዓል ከባቢታት ረሓይታ፡ ዋደ፡ ኣቦካሎማ፡ ክዖሌ፡ ሓርሰሌ ብሌይታ፡ ወዘተ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብዞኦም ከባቢታት፡ ሕርሻ ተምርን ኣሕምልቲን ዓሊሙ ልምዓት ጀርዲን ክንጠፊሉ ካብ ዝቢጋስ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ካብዚ ተበጊሶም ኣብ ሕርሻ ተምሪ ፍሉይ ትኹረት ሂቦም ናይ ዝወፍሩ ሓረስቶት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበርከተ ይኸይድ ምህላዉ ይግለጽ። ኑቶም ኣብ መስርሕ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝተዋፈሩ ሓረስቶት ንምትብባዖም ብደረጃ ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባን ምክትታል እናተገበረሎም ጠለባቶምን ድሌታቶምን ከም ዝማልኣሎም ይግበር ኣሎ። ንምስፍሑ ድማ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሓረስቶት ቀጻሊ ርክባት እናገበረ ሓያል ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ደርከብ ኣሎ። ግደ ሃማደኤ፡ ሃማመተኤን ካልኦት መሓውራት መንግስቲን ኣብ ምዕዛዝ ተበግሶ ዘሎ ወፍሪ ልምዓት ጀርዲን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ተበግሱ ዘሎ ንጥፈታት ልምዓት ሞሰኖ ክቕጽል ቀረብ ማይ መሰረታዊ ይኸውን። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዘሎ ሽግር ማይ ንምፍታሕ፡ ኣብ ከባቢ ሰዱሕ ዔላ፡ ኣብ ጋላብሩን ዓርዓሮን ዓበይቲ ከዘንቲ ናይ ማይ (ዲጋታት) ናይ ምህናጽ ቀዳምነት ዝተዋህቦ መደብ ኣሎ።







**ቱሪዝማዊ ጸጋታት፦** ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ብታሪኻውን እንተኾነ ካብቶም ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዙሕ ጥንታውያንን ታሪኻውያንን ቦታታት ዝርከበሉ ሃብታም'ዩ። መግዛእቲ ኢጣልያን ፈለማ እግሩ ናብ ኤርትራ ከንብር እንከሎ፡ ኣብዞ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ እትመሓደር ሓርሰለ መርጎብላ እትብሃል ቦታ'ዩ ዓቢኩ። ጸኒሑ ድማ ናብ ከተማ ዓሰብ ኣትዩ፡ "እምብልና ንመግዛእቲ ጥልያን" ኢሉም ኣብ'ቲ እዋን ከም ብዓል ሕሼም ያሲን ዝበሉ ቀዳሞት ደቀባት ብዘረ ዓፋር ኣንጻር ኢጣልያውያን ተላዒሎም ወግእ ከም ዘየደዱለን ዝጥቀሳ ከባቢታት በዩሉል፡ ሰረሩን መጓበለን'ውን ኣካል ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ'የን። በዩሉል ብማዕድን ሉል ዝፉብተመት ቦታ ኣብ ሃገርና'ያ። ትርጉም በዩሉል፡ ዝጠፍአ ሉል ማለት እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከይከነ ኣይተርፍን እቲ ቦታ ዓቕርዎ ብዘርከብ ማዕድን "ሉል" ክስመ ክኢሉ ዝበል ብሀሎ ኣሎ።

ኣብ ከባቢ በራዕሶሊ ሰፊሕ ኣሰራት ህንጻታትን ካልእን ቱርካውያን ምህላዉ'ዩ ዝሕብር። ብዘይካ'ዚ፡ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ዝተመስረተላ ሰዱሕዔላ ኣብ እዋን ወራር ወያነ ሓያል ርብርብ ዝተኻየደሉ ግንባር ቡሬ ኣካል ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ'የም። ዝም ዝተጠቕሱ ታሪኻውያን ቦታታትን ከባቢታትን ንምዕቃብም ዝግበር ንጥፈታት ብወገን ንኡስ ዞባ ኩነ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ምስ ቤት ጽሕፈት ቱሪዝም ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ቀጻሊ ርክባትን ምርድዳእን ከም ዝግበርን ዚየዳ ዚይተፈልጡ ወይ ዘይተዳህሰሱ ቦታታት ንምፍታሽ መጽናዕቲታት ከም ዝግበርን ይሕብር።

ሓሊቡ ግድር ፋጥማ ከባቢ በራዕሶሊ፡ ንማስሕብ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ተበሃጊ ዝዙብርን ጉብዩ ባሕሪ ብዝበዝሒ ካብ ዝረኣየለን ደሴታት ናይቲ ንኡስ ዞባ'የን። ኣብ ማስሕብ ቱሪዝም ዝሀልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊሉ ዘይጥመት ማዕበል እሳተ ጎሞራ ሰረሩ'ውን ኣካል ጼጋ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ'ዩ።

**እንስሳ ዘቡፃም፦** ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ሰገን፡ ኣራቢ፡ ወኻርያ፡ ዝበኣ፡ ህበይ፡ ሰሱ፡ ዕንሸ፡ ወዘተ. ብዓይነትን ቀጽሪን ብርክት ዝበላ እንስሳታት ዘቡዓም ይርከበሉ። ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ዚ ድማ፡ ቀዳማይ ኣመለኻኽታ ሕብረተሰብ ብዘረ ዓፋር ኣብ ገረብን እንስሳታትን ዕዙዝ ምኳኑ፡ ካልኣይ፡ ወይኑደጋውን ቆላውን ከኑታት ኣየር ስለ ዘውንን ምኳኑ ይዝረበሉ። እዚ ድማ ቀጽሪ እንስሳታት ዘቡዓምን ኣግራብን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰለ ይኸይድ ምህላዉ ሰዓት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ የመልክቱ።

**ኣገልግሎት ማይ፦** ነበርቲ ዝሰፍሐ ከባቢታት ነበርቲ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ተጠቀምቲ ብጁሓያዊ ጸዓት ዝሰርሐ ጽሩይ ዝስተ ማይ ካብ ዝኾኑ ነዊሕ ኩይኑ ኣሎ። ሕልፍ ኢልካ ኣብ ገለ ከባቢታት ባሀርያዊ ኣቀማምጣ ተወሲኽዎ ተርእዮ ናይ ማይ ጸገም ኣሎ። ዝበዝሐ ግን እንተስ ብጠምቁ እንተስ ብጀነሬተር ወይ ብሶላር ተጠቃሚ ጽሩይ ዝስተ ክኸውን ክኢሉ'ዩ። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ በዚ መሰረት ቅድሚ ሕጂ ኣብ ነበርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ጽሩይ ማይ ብዘይምርካብ ዝሰዕቡ ማይ ወለድ ሕማማት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ዝኣተዉ ይመስሉ።

**መጎዓዝያ፦** ኣቐዲመን ኣብ መላእ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዓሰብ ብጡሬ ኣዲስ ኣበበ ሓንቲ፣ ዓሰብ - በዩሉል ካልኣይቲ፣ ዓሰብ - ረሓይቶ ኣቢላ ናብ ጐረቤት ሃገር ጁቡቲ እተራኽብ ድማ ሳልሰይቲ፡ ሰለስተ ዓበይቲ መስመራት ጽርግያ እየን ነይረን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ዝገን ዝተጠቕሳ ዓበይቲ መስመራት ወሲኽካ፡ ንዋደ እትወስድ ሓንቲ፣ ንሰዱሕዔላ፡ ሰረሩ፡ መጓበለ ካልእን ዘራኽባ ብርክት ዝበላ ተወሲኽን መስመራት ተሃኒጾም ኣገልግሎት ኣብ ምሁብ ይርከባ። ጽርግያ ብማይ ኮነ ብኻልእ ኣብ ዝበላሸወሉ ህዝቢ ኣካል ልምዓታዊ መደባት ሓላፍነት ወሲዱ ይጽግኖም። ኣብዚ መዓይ ግደ ሓይልታት ምክልኻል'ውን ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን።

**ኣገልግሎት ቴሌፎን፦** ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ካብ ከተማ ዓሰብ ክሳብ ምምሕዳራት ኣቦካሎማን ሓርሰለ ብወገን ደቡባዊ ምብራቕ፡ ምምሕዳራት ከባቢታት በራዕሶሊን ብወገን ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ራብዐይተን ምምሕዳር ከባቢ በዩሉል፡ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት መስመር ቴሌፎን ክኾና እንከለዋ፡ ዝተረፋ ምምሕዳር ከባቢታት'ውን ተጠቀምቲ ንምግባረን ጻዕሪታት ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኩይኑ ይቕጽል ኣሎ። ንምትግባሩ ድማ ኣራቴል ሓፈሻዊ ዳህሳስ ኣብ ምግባር ይርከብ ኣሎ።

ምጥርናፍ ዓዲታት ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ሓደ ካብ ዓበይቲ መደባት መንግስቲ ኩይኑ ጸኒሑን ዘሎን እዩ። እዚ ሕቶ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ዞባታት ሃገርና ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎ። ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ፋሕ ኢለን ዝቑማ ውሑዳት ሰድራ ቤት ጥራይ ዝዙብሩለን ዓዲታት ምርኣይ ድማ ልሙድ'ዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ፡ መንግስቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ዜጋታት ንምንጋስ ንዘዙብሮ ወፍሪ ዓንቃጺ ኩይኑ፡ ፈውሱ ምጥርናፍ ፋሕ ዝበላ ዓዲታት'ዩ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ደቡብ ሰድራቤታት ደቃን ብቐረባ ከምህራሎም ኣብ ዝኽእላን ህዝቢ'ውን ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ዝረኽበሉን ዝተመርጸ ቦታ በብዝሒኡ መስርሕ ትግባረ ምጥርናፍ ፋሕ ዝበላ ዓዲታት ከም ዝቐጽል'ዩ ዝሕብር። ዕላማ ምጥርናፍ ዓዲታት ብቐንዱ ህዝቢ ካብ ፋሕ ኢሉ ዝነብረሎም ከባቢታት፡ ኣብ ዝተመርጸ ውሑስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ረኺቡ መንብርኡ ከመሓይሽ ዝዓለመ እዩ።

**ጸዓት፦** መሰረት ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ዝረጋግጽ ሕቶ ጸዓት ምስ ዝምልከስ'ዩ። ዝርግሐ መስመር ኤሌክትሪክ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ካብ ከተማ ዓሰብ ተበጊሱ ን330 ኪሎ ሜተር ዝዘርግሐ ክሳብ ምምሕዳር ከባቢ ሓርሰለን ኣቦን ዝጸሐ ኣሎ። ተጠቀምቲ ጸዓት ክስፍሕ ተባሂሉ ቅድሚ ሕጂ ተፈቲታ ከይተዓወተ ዝተረፈ፡ ንፋሳዊ ጸዓት ኣብ ከም ብዓል ኣብ ግሓርዶ፡ ከባቢ ረሓይቶ፡ በራዕሶሊን በዩሉልን ተፈቲታ ነይሩ። እዚ ይኾን'ምበር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትካላት ትምህርቲን ጥዕናን ብሶላር ኣቢለን ኣገልግሎት መብራህቲ ዝረኽባ ምህላወን ምጥቃስ የድሊ።

ኣመለኻኽታ ጉዳእቲ ልምዲታትን ሕብረተሰብ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ጉዳእቲ ልምዲታት ብዝበል ዝገለጹ ብዙሓት'የም። ክሸቦ ጓልንስተይቲ፡ ምግርናብ፡ ማሕጎጉ፡ መትኮሳ ውሑዳት ካብቶም ብዙሓት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብ'ዚ እዋን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብኣሶኻፊ ዓይኒ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝርኣን ዝስረዕን ክሸቦ ደቀንስትዮ'ዩ። ዝ ደው ንምባሉ ዘይሕለል ገስጋሳት ዝምልከቶም ኣካላት ክቶየድ ጸኒሑን ኣሎ። ብሕልፊ ኣብ ርሑቕ ከባቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ከምዝሎ ዝጥቀስኳ እንተኾነ ካብ ዝበሮ ከም ዝሓይሸ ዝኣመነ። ምሉእ ብምሉእ ንምግታኡ ግዳ ልምዳውያን ከሸብቲ ብወህደት ዝተፈላለዩ ትካላት ጸዑቕ ኣስተምህሮ እናሃብካን ማዕረ-ማዕረኡ ሕጋዊ ተሓታትነቱ እናረጋገጽካን ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቖመ ኮሚቲታት ዝቶየድ ተፍትሽ እናኣየደካን ቀጻሊ ጻዕሪ ይካየደሉ ኣሎ።

**ከባቢያዊ ንጽህና፦** ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኩነታት ተጠቀምቲ ዓይኒ ምድሪ ብዝምልከት፡ ቀልቀል ኣብ ደገ ምውጻእ ብመሰረቱ ክልኩል ምኳኑ፡ ስለ ዝኾነ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ክትጥቀም፡ ብምውህሃድ ኮሚቲን ጥዕናን ዝምልከቶም ኣካላትን ተገቲገሰሉን ሓበሬታ ተዋሂቡሉ። ዘየሰርሐት ስድራ ከይትርከብ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ናይቲ ንኡስ ዞባ ከይተረፈ ቀጻሊ ተፍትሽ እናተገብረ ነበርቲ ዓቕሞም ዝፈቕዶ ዓይኒ ምድሪ ክሰርሑ ናይ ምትብባዕ ዕማም ይቕጽል ምህላዉ ኣቶ ሙሳ ሓጅ መሓመድ ገሊጹልና።

ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ፡ ዕማም ስራሕ ንመግቢ ኣብቲ ንኡስ ዞባ፡ ገለ ከባቢታት ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተኩሩ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ዝቕጽል ዘሎ መደብ ድማ'ዩ። ስርሓት ጽገና እርጋን ዘጋጠሞም ወይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተበላሸዉ ትሕተ-ቕርጺ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝቶየድ ንጥፈት እንታይ ይመስል ንዝበል፡ "መንግስቲ እቲ ዝዓበየ ይቕርብን የዋድድን። ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝሁብ ትካል ዘጋጥሞ ጉድለት፡ ህዝቢ ዓቕሙ ክገብር ግዴታ ኣለዎ። ምናልባት እቲ ዝዕመም ስራሕ ገዚፍ ባጀት ዝጠልብ'ሞ ብዓቕሚ ናይ ህዝቢ ድማ ክትግበር ዘኽእል ምስ ዘይኸውን ግን ብዝምልከቶም ተራእዩ ጸብጻቡ ናብ ዝምልከቶ ኣተግባሪ ኣካል ከም ዝሓልፍ ይግበር።" ብምባል ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ኣቶ ሙሳ ሓጅ መሓመድ፡ ህዝቢ ንዕኡ ከገልግሉ ብመንግስቲ ንዝዋደዱ ጸጋታት ናይ ምሕላውን ናይ ምክንኻንን ሓላፍነቱ ከዕዝዝ ተላብዩ።

# ዝኽሪ መስከረም
# ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

(10ይ ክፋል)

**መጥቃዕቲ መንሱራን ወለሎን - 24 ታሕሳስ 1963**

ኣብ መጨረሻታ 1963፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ተጋደልቲ ኣብ ኩር፡ ታሕታይ ባርካ ተመዲቡ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ኣብ ባርካ ላዕላይ ዝነበሩ ተጋደልቲ ናብ ኩር ተበጊሶም። ኣብ ኣኼባ ኩር ኣብ ዝተኻየደ ተኸሊ ጥ፡ ተጋደልቲ ናብ ሓሙሽተ ጋንታታት ተኸፋፊሎም። ዑመር እዛዝ፡ ማሕሙድ ዲናይ፡ ዑስማን ኣቡሸኑብ፡ ኣሕመድ ወለሎ፡ ክቡብ ሓጅናጅ ደማ መራሕቲ ጋንታታት ኮይኖም ተመዚዞም። ምክትል ናይቲ ኣብ ከሳላ ዝነበረ መራሕቶት ሰውራ ጣህር ሳልም እዛዝ፡ ባበኪር መሓመድ እድሪስ፡ ንመሓመድ ዑመር ዓብደላ - ኣቡ ጥያራ ተኪኦ። እንተኾነ ባበኪር መሓመድ እድሪስ ብሕማም ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኣብ ጉዳርፍ ስለ ዝተሰውአ ብማሕሙድ ዲናይ ተተኪኡ።

ኣብቲ መጀመርያ ዓመታት ሰውራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን መልእኽቲ ይጸሓፈሎም ነበረ። ብፍላይ ንኣባላት ፖሊስ፡ ኣንጻር ግዝኣቶም ደው ክብሉ፡ ምስ ሰውራ ክተሓባበሩ፡ መግዛእቲ ካብ ኤርትራ ንምጽራግ ናብ ሰውራ ክጽንበሩ ብተደጋጋሚ ጻውዒት ይቐርበሎም ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ኣብ ማእከል ጻላኢ ኮይኖም ዓይንን እዝንን ሰውራ ብምዃን ዘገልግሉ ኣባላት ፖሊስ ውሑዳት ኣይነበሩን። ብኣንጻሩ ድማ ብዙሓት ካልኦት ነቲ ጻውዒት ዕሽሽ ብምባል፡ ዓይኒ ሰውራ ንዝነበሩ ጀጋኑ ክኸስሩ ምኽንያት ኮይኖም። ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ ወለሎ ምስቲ ኣብ ነቑጣ ፖሊስ መንሱራ ዝነበረ ኤርትራዊ ኣዛዚ ነቑጣ ፖሊስ ኣቐዲሙ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐ ይንገር። እቲ ስምምዕ ወለሎ ኣብቲ መዓስከር መጥቃዕቲ ክፍጽም እሞ ፖሊስ ብመሳርሒ ስምምዖም ኣጽዋሮም ሒዞም ናብ ሰውራ ክጽንበሩ ነበረ።

ጋንታ ወለሎ፡ ድሕሪ ኣኼባ ኩር፡ ካብ ከባቢ ኩር ንባርካ ላዕላይ ብምውጻእ ክሳብ ኣድያቦ ተንቀሳቒሳ። ወለሎ ነቲ ከባቢ ብግዜ ሽፍትነት ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝፈልጦ፡ ንዓሰርተ ሽፋቱ ምስኡ ከም ዝሰልፉ ብምግባር ናብ ዓንሶባ ተመልሰ። ኣብ ዓንሶባ ውዒሉ ድሕሪ ምሕዳር ናብ መንሱራ ተበጊሱ። ካብ ብሸኹ ምስ ዑመርዲን ንሰውራ ክወጽእ ተበገሰ፡ ኣብ መንሱራ ምስ ወለሎ ዝነበረ ተጋዳላይ ዓሊ ማሕሙድ፡ ሽዑ ወለሎ፡ "መንሱራ ክንኣቱ ኢና፡ ኣብ መንሱራ ዘለዉ ፖሊስ ክሰልሙ እዮም፡ እንተዘይሰለሞም ክንዝርፎም ኢና፡ ሎሚ እያ ቀጸራና ክንኣቱ ኣሎና" ከም ዝበሎም የዘንቱ። በዚ መሰረት ክኸዱ ሓዲሮም ወጋሕታ መንሱራ በጽሑ። እንተኾነ እቲ ኣዛዚ ዝነበረ ፖሊስ ከም ቃሉ ኣይሰለመን።

ኣሕመድ ዓሊ ወለሎ ሽዑ ብምዕራብ ወገን ናይቲ ነቑጣ ፖሊስ ኮይኑ፡ ነቶም ብምብራቕ ዝነበሩ ነቲ ሓጺር ከንድድዎ ኣዘዙ ኳሕኳሕ ኮነ። ፖሊስ ኣብ በሪኽ ተጋደልቲ ከኣ ኣብ ስጡቕ ዝበለ ቦታ እዮም ነይሮም። ኣቡበከር ዓሊ ማሕሙድ



ኣሕመድ ዓሊ ወለሎ

ከምኡ'ውን ናይቶም ዝተጋደሉ ሽፋቱ ሓላፊ ዝነበረ፡ በቲ ወለሎ ዝነበሮ ወገን ኮይኖም ተታኺሶም። ካቡቶም ኣብ ልዕሊ መረበዕ ኮይኖም ዝትኩሱ ዝነበሩ ፖሊስ ሓደ ድማ ንወለሎ ፈልዩ ሃረሞ። ወለሎ ምሕኩልቱ ተሓምሺሹ ኣብ መሬት ወደቐ። "ኣኺሉኒ እዩ ብረትኩም ጥራሕ ተረከቡኒ" ብምባል ብረቱ ኪኖ እቲ ሓጺር ወርወራ። ወሲኹ "ብጾትኩም ኣውጽኡ ግደፉኒ ንዓይ" በሎም። ንዕኡ ከውጽኡ ኣብ ዘየድሊ ሓደጋ ከይወድቁ።

ድሕሪ'ዚ እቶም ምስ ወለሎ ዝነበሩ ኣጥቃዕቲ፡ ካብ መንሱራ ንሰሜናዊ ምዕራብ ናብ ዘሎ ኣኻውሕ ኣንሳሒቦም ክጽግዑ ከለዉ፡ ድሮ ካብ እንገርሃን ኣቑርደት ዝተበገሱ ፖሊስ ናብ መንሱራ ኣትዮም ነበሩ። ኣዛዚ ብርጌድ ጦርሰራዊት ዝነበረ ኢትዮጵያዊ ኮሎኔል ከበደ ያቆብ ነቲ ኣብ ኢድ እቶም ዝኸደዕዎ ፖሊስ ዝጸንሐ ወለሎ "እዚኣ'ዶ ትሕሸኒ" በሎ። ወለሎ ሓንቲ ቃል ከየውጽአ ኣብ ገጹ ጥራይ ጠፍ በሎ። ሽዑ ኮሎኔል ብሕርቃን ሽጉጡ ኣውጺኡ ኣዳጊሙ ቀተሎ። ሬሳ ወለሎ ካብ 24 ታሕሳስ 1963 ምሉእ መዓልቲ ኣብ ማእከል ዕዳጋ ኣቑርደት ተንጠልጢሉ ወዓለ። "ወለሎ ንኮሎኔል ጠፍ ኢሉሉ፡ ብሽጉጥ ኣዳጊሞም ቀቲሎሞ፡ ሰቒሎሞ" ዝብል ወረ ድማ ኣብ ኩሉ በጽሐ። ጋዜጣ ሕብረት እውን ብ28 ታሕሳስ 1963 "ወለሎ ሙሓመድ ዓሊ ዝተባህለ ወናፍ መራሒ ሽፋቱ ተቐቲሉ" ዝብል ናይ ዓወት ዜና ኣብ ቀዳማይ ገጻ ኣሰፈረት።

**ውግእ ጆንገሬን - 4 ጥሪ 1964**

ድሕሪ ምዝዛም ኣኼባ ኩር ጋንታታት ናብቲ ዝተመደብኦ ከባቢ ተንቀሳቒሰን። ጋንታ ዑመር እዛዝ፡ ካብ ባርካ ብሮራ ማርያ ናብ ዓንሰባ ወሪዳ፡ ጆንገሬን (ሰደሪ) ጥቓ ከረን በጽሐት። እዚ ሓበሬታ'ዚ ካብ ሰለይቶም ዝበጽሖም ፖሊስ ናብቶም ካብ ድቃሶም ተንሲኦም ሻሂ ዘፍልሑ ዝነበሩ ተጋደልቲ ከተፍ በሉ። ተጋደልቲ ፈለማ ደማሺ መኪና ምስ ሰምዑ፡ ዳሕራይ ኣብ ውግእ ቶጎሩባ ዝተሰውአ ኣደም ፎጃጅ "ሎሚ ኣዋልድ ጆንገሬንን ሓልሓልን ክንርኢ ኢና" ኢሉም እናተዋዘዩ እዮም ናብ ጽርግያ ገጾም ዝወረዱ። ዑመር እዛዝ ግን ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮይኑ ኩነታት ተኸታቲሉ፡ ወተሃደራት ዝጸዓና መካይን ምስ ኣረጋገጸ ንፎጃጅ ተኣለ ክብሎን ወተሃደራት "እንህለ ሽፍታ" ኢሎም ክትከስሉን ሓደ ኮነ። ሽዑ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ኣብ መንጎ እቶም ብኣፕተን ዑቑባጽኤል ክፍላይ ዝምርሑ ፖሊስን ሓያል ግጥም ተኻየደ።

ጸብጻብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝሕብሮ ኣብቲ ግጥም ሓደ ሻምበልን ዓሰርተ ሹዱሽተ ወተሃደራትን ክቕተሉ ከለዉ፡ ዓሰርተው ሓደ ካልኦት ኣባላት ፖሊስ ቆሲሎም። እዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ናይ ኢትዮጵያ ስለ ዝኾነ ካብ ግምትን ምግናንን ነጻ ኮይኑ ተኣሚኒ'ዩ። ካብ ምጅማር ሰውራ ክሳብ 4 ጥሪ 1964 ድማ እቲ ኣብ ጻላኢ ዝወረደ ዝለዓለ ቁጽሪ ምውታትን ቁሱላትን እዩ። ብዘይካ'ዚ 31 ጠበንጃ፡ ሓንቲ መትረየስ፡ ክልተ ሽጉጥን 1800 ጠያይትን ከም ዝተመንዘዐ እቲ ጸብጻብ ይገልጽ። እቲ ዘገርም ኣብዚ ብርቱዕ ግጭት ካብ ተጋደልቲ ዝተሰውአ ወይ ዝተወግአ ኣይነበረን።

በዚ ፍጻመ'ዚ ዝተናወጸ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ'ታ ውግእ ሓደሽ ሓይሊ ካብ ከረን ኣብጺሑ ኣሰር'ቶም ተጋደልቲ ኣውፊረ። ኣብ ሰብዖት ቅርዲ ደቂሶም ከለዉ ድማ ሃንደበት ሓደጋ ወደቐሞ። እንተኾነ ኣብ ህይወት ዘውረዶ ክሳራ ኣይነበረን። ካብቲ ዝተሰልበ ብረታት ግን ሰለስተ ኣርባዕተ ከምልስ ከኣሉ።

**ውግእ ቶጎሩባ 29 ለካቲት 1964**

ድሕሪ ውግእ ጆንገሬን ተጋደልቲ ናብ ማርያ ጸላም ቀጺሎም ናብ ኩር ወረዱ። ኣብዚን ኣብትን ክብሉ ቀንዮም ከኣ ኣብ መጨረሻታ ለካቲት ናብ ከባቢ ቶጎሩባ መጽኡ። እቶም ተጋደልቲ ንግሆ ንግሆ ብቶም ካብ ሰራዊት ሱዳን ዝተሰለፉ ኤርትራውያን ወተሃደራት፡ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ይወሃቦም ነበሩ።

ብቕዓም 29 ለካቲት 1964 ንግሆ፡ ኣደም ፎጃጅን እድሪስ መሓመድ ዓሊን ንጋንታኦም ብሬን ፈቲሖም እናመሃሩ፡ ሃንደበት ጦር ሰራዊት ብክልተ መካይን ናብቲ ዝነበሩዎ መጺኡ። እቶም ወተሃደራት ዝበርዎም ፍጥነት ኣገዲዱ ቅልጡፍ ብምንባሩ፡ ዋርድያ ሓብሬታ ክሳብ ዘመሓላልፍ ድሮ ኣብቲ ቦታ በጺሖም ንእንዳ ዋርድያ ተቖጻጺሮሞ። ተጋደልቲ እውን ተቐላጢፎም ኑቦም ዝኸኣልሉ ድፋዕ ሓዙ። ድሕሪ'ዚ ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ ውግእ፡ ዓቕምን ብቕዓትን ተጋደልትን ዝፈተነ ነበረ።

እታ ጋንታ፡ ብምኽትል መራሒ ጋንታ ሰዒድ ኖር እናተመርሐት እያ ውግእ ገጢማ። ኣብ መንጎ እቲ ውግእ ንሱ ስለ ዝተወግአ ከኣ፡ ሓንቲ መሰርዕ ሒዙ ዝነበረ መሓመድ ዓሊ እድሪስ (ኣቡረጀላ) ነቲ ኩናት መርሐ። ዑስማን ኣቡሸኑብ ከኣ ሒዙዎም ምስ ዝነበረ ሓይስቲ ተጋደልቲ ተጸንበሮ። ካብቶም በዚን በትን ኣብቲ ውግእ ዝተሳተፉ ልዕሊ ዓሰርተ ጸዕዳ ክዳን ዝለበሱ (ሓይስቲ ተጋደልቲ) ስለዝነበሩ፡ ቁጽሪ ሰውኣት ንኽዛይድ ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

ውግእ ቶጎሩባ፡ ጦር ሰራዊትን ተጋደልትን ንፈለማ እዋን ዝገጠሙሉ ፍጻመ እዩ። በዚ ድማ ካብቲ ቅድሚኡ ምስ ፖሊስ ዝተኻየደ ዝነበረ ውግኣት ፍልዩ ዝበለ ነበረ። እቲ ውግእ ሓያል ስለዝነበረ፡ ተወሰኽቲ መካይን ረዳት ጽዒነን ናብቲ ውግእ ዝተኻየደሉ ዝነበረ ቦታ ኣተዋ። ገለ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኸኣ ካብ ርእሲ መኪና ከይወረዱ ብጥይት ተቐልቡ። ኣብ ቶጎሩባ ዝወዓሉ ሓርበኛታት ከም ዝምስክሩዎ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ፡ እቶም ተጋደልቲ ዝነበሮም ብረት ኣቐሚጦም በቲ ዝማረኹዎ ምዕቡል ብረታት ክታኾሱ ወዓሉ።

ኣብ ውግእ ቶጎሩባ፡ ኣብ ልዕሊ ጦር ሰራዊት ዝወረደ ክሳራ፡ ብንጹር ዝፍለጥ ኣሃዝ እኳ እንተዘየለ ምስቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዘይወዳደር ዝዓበየ ነይሩ። ካብቶም ተጋደልቲ እውን በቲ ዕለት'ቲኣ 18 ወደቑ። ቶጎሩባ ቅድሚኡ ካብ ዝተኻየደ ውግኣት ዝበዝሐ መስዋእቲ ዝተኸፍለላ እያ።

ድሕሪ'ቲ ውግእ ኢትዮጵያ ሕርቓርቓታ ኣብ ልዕሊ ሬሳታት ክተውጽእ ተዓጥቀት። ሰማእታት ካብ ዝወደቑዎ ተኣርዮም ከም ገዚ ናብ ከተማታት ተሰሕቡ። ባረንቱ፡ ኣቑርደትን ከረንን፡ ብ5፡ ብ4፡ ብ3 ተመቒሎም ኣብ ዕዳጋ ከም ዝሰጥሑን ከም ዝሰቀሉን ተገብረ። እቶም ኣብ ቶጎሩባ ዝወደቑ ሰማእታት፡-

1. እድሪስ ኣደም ፎጃጅ
2. ዑስማን ዓፋ እድሪስ ሑመድ
3. እድሪስ መሓመድ ዓሊ ሑመድ
4. ዑስማን መሓመድ ዓሊ ኣፍዳዳ
5. ኣሕመድ መሓመድ ዓብደላ ዓንተር
6. ኣልሓሰን ሓረራይ ሓጅ ሑመድ
7. መሓመድ ዓብደላ (ወድ ሂምባል)
8. ናዝር እድሪስ መሓመድ ዓሊ ዳፍኣት (ቃውድ ኣብ ናዝር)
9. ሻሪፍ ሻርቦት
10. እስማዒል ኮና
11. ዑስማን መሓመድ ዓሊ ሓሰን
12. ልባብ መሓመድ ልባብ
13. ዑስማን መሓመድ ኖር
14. ኣልሑሰን እድሪስ መሓመድ ሸሪፍ
15. ሳልሕ ኖር ሓምድ
16. ዓሊ እድሪስ ጆምዕ ኼር
17. ሑመድ ሳልሕ እኩድ
18. ማሕሙድ ዑመር ማሕሙድ

ድሕሪ'ቲ ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈሉሉ ውግእ ቶጎሩባ፡ ተጋደልቲ ካብ ባርካ ንደብረሳላ ደየቡ። ብመንገዲ ዓደርደን እንገርሃን ናብ ዛይደከሎም ብምቕናዕ ድማ ናብ ዓምባሪ ሰገሩ። ኣብ ዓምባሪ ከለዉ፡ ሓደ ኣስመላሽ ዝበሃል መራሒ ጥንዳ 'ይመጽእ ኣሎ' ተሰምዐ። በቲ ወረ፡ ገለ ተጋደልቲ ተረበሹ። በዚ ድማ ክቡብ ሓጅናጅ፡ ብሕርቃን "5 ተጋደልቲ ጥራሕ ሃቡኒ'ሞ ዚ ሱበኣይ በይነይ ክገጥሞ'የ" በለ። ዑመር እዛዝ እውን "ንኢትዮጵያ ትኣክል ብዖብያ ክንዋጋእ ዝወጻእና፡ ሓደ ሰብ ኣየፍርሃናን እዩ። ዝፈርህ እንተሎ ካብ ማሰርዕ ይውጻእ" ክሳብ ምባል በጽሐ። ኣብቲ ምስ ጥንዳ ኣስመላሽ፡ ግርማይ (ሲ ሸሮ)ን ዝተኻየደ ናይ ምሉእ መዓልቲ ውግእ ጻላኢ ከቢድ ክሳራ ወረዶ። ካብ ተጋደልቲ እውን ኢብራሂም ዑመር ተሰዊኡ፡ ሓምድ ሸሪፍ፡ ሱሌማን ዞርዖ፡ ማሕሙድ ኣደምን ያቆብን ተወግኡ።



ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ድባርዋ - ዕዉታት ስፖርታውያን ተተባቢዖም

ዝሓለፈ ሰሙን 6ን 7ን መስከረም ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ማውንቴን ባይክ ብውልቒን ብጋንታን ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተቐዳደምቲ ንኡስ ዞባ ዱባርዋ፡ ውዕዉዕ ኣቀባብላ ተገይሩሎም።

እዛ ሽዱሽተ ደቂ ተባዕትዮ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ዘሰተፈት ጋንታ፡ ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ብክልተኡ ጾታ ሳልሳይቲ ወጺኣ፡ ኣብ ናይ ጽርግያ ጸወታ ከኣ ብናትናኤል ጺጋይ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ብሓፈሻ እዛ ኣብ ክልተኡ ጾታ ኣተባባዒ ውጽኢት ዘመዝገበት ጋንታ፡ 8 መስከረም ኣብ ጎደናታት ከተማ ዱባርዋ ናይ ምቕባል ስነ ስርዓት ተኻይዱላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 2 ክሳብ 7 መስከረም ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ደቡብ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ጋንታ ድባርዋ'ውን ተኻፊሊት ናይ'ቲ ጽምባል ነይራ።



ኣቦ መንበር ፌደረሽን ብሽክለታ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ጎይትኦም እዮብ፡ ስፖርታውያን መንእሰያት ጋንታ ድባርዋ ስሞምን ስም ጋንታኦምን ንምጽዋዕ ዘየዱዎ ጻዕሪ ክብሪ ከምዝተዋህቦም ገሊጹ። ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ብሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝሰርዑ ዘለዉ ውድድራት ማውንቴን ኣብ ደረጃ ትኣቱ ብምህላዋ ከኣ ደገፍ ህዝቢ ናይ'ታ ንኡስ ዞባን ምምሕዳርን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።

ብብደረጃኡ ዝመጸእ ዘሎ ዓወታት ዝኣድ ምዃኑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት ብወገኑ፡ ብዞባ ማእከል



ተባሊቱ ዝበረ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዞባታት ብፍላይ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ቀስ ብቐስ ትኻመዎ ብምህላዋ፡ እዚ ዓወታት ክቕጽል ምምሓዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ብፍሉይ ክሰርሓሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብቲ ናይ ምቕባልን እንግዶት ድራርን ስነ ስርዓት፡ ፕሮግራም ምትብባዕ ምንኩራ'ውን ወከልቲ ኣገልግሎት ዜና ሓቢሩ።

## ሳዋ ንዓምበርበብ ስዒራታ

### ተጻዋታይ ሳዋ ሴም መድሕን ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙ

ኣብ ከረን ዝቐጸለ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሰሉስ 9 መስከረም ብኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርበብን ቀጺሉ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብደሆን ሳዋን ቀዲመን ተራኺበን። ብደሆ ድማ፡ ኣብ መበል 22ን ተወሳኺ ደቒቓን ብመገዲ ብሰራት ክብሮምን ርዳስ ጥዑምዝጊን ብዘመዝገበትን ሽቶታት፡ 2ብ0 ተዓዊታ። ኣቦላ ሰረት ተኽለ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ።

ግጥም ሰንጥቕን በፈርን ብዑብላ ውጽኢት በፈራውያን እዩ ተዛዚሙ። እዛ ጋንታ፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 20፡ 53ን 71ን ደቓይቕ ካብ የስራ ኢብራሂም ክልተ ካብ ኣኽበረት ፍትዊ ሓንቲ ብድምር ሰለስተ ሽቶታት ብምምዝጋብ 3ብ1 ተዓዊታ። ሰንጥቕ፡ ካብ ናታ ካብ ስዕረት ዘናገፈታ ሽቶ፡ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ብመገዲ ሊድያ ግርማይ ኣቑጺራታ። የስራ ኢብራሂም፡ ናይቲ ጸወታ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።



ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ግጥም ዝተኻየደ ኮይኑ፡ እታ ኣብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ብሸዋ ዝተሳዕረት ዓምበርበብ ምስ ሳዋ ገጢማ። ቀዳማይ እብረ 0ብ0 ዝተዛዘመ ኮይኑ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ሳዋ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ካብ ሴም መድሕን ሽቶ ረኺባ ብጸቢብ 1ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም፡ ኣመዝጋቢ ሽቶ ሴም መድሕን ተባሂሉ።

ብሸንኪ ዝኸብ ተቓረጹ ትማሊ ዝተኻየደ ግጥም በፈርን ሸዓላን ግና 0ብ0 ተዛዚሙ። ተጻዋታይ ሸዓላ ቢንያም መንግስትኣብ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓረና ንመኸተ በፈር ንዕምበርበብ ብተመሳሳሊ 2ብ0 ሰዒረአን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ሓረና ንሰንጥቕ 3ብ1፡ ሳዋ ንንሕሪ 3ብ0 ረቲዐናአን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ ብኩዕሶ እግርን መርበብን ከምኡ'ውን ብውድድር ጨሞተ ተኸቲሉ ክቕጽል እዩ።

## ሮናልዶ፡ ምስ ክብረ-ወሰን መጻረዩ ዋንጫ ዓለም ተመዓራርዩ



ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ መጻረዩ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ብዘመዝገቦ 39 ሽቶታት፡ መራሒ ምስ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ተመዓራርዩ።

ፖርቱጋል፡ ሰሉስ ምሸት ኣብ መጻረዩ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ናብ ሃንጋሪ ተጓዒዛ 3ብ2 ኣብ ዝተዓወተትሉ ጸወታ፡ ሮናልዶ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ሓንቲ ሽቶ ኣመዝጊቡ - መበል 39 ሽቶኡ ኣብዚ ናይ መጻረዩ ጸወታታት ምዃና እያ።

በዚ ከኣ እዚ ወዲ 40 ዓመት ኮኾብ ተጻዋታይ፡ ብብዝሒ ሽቶታት መራሒ ምስ ዝጸንሐ ናይ ቀደም ጓቲማላዊ ተጻዋታይ - ካርሎስ ሩዩስ ተመዓራርዩ ኣሎ። ሮናልዶ ነዚ ክብረ-ወሰን ናይ ብሕቱ ናይ ምጥባር ዕድል ኣሎዎ፡ ምኽንያቱ ፖርቱጋል ዝመጽእ ወርሒ ጥቅምቲ ሕዱርን ጸወታታት ስለዘለዋ።

ሮናልዶ ኣብዚ ናይ መጻረዩ ግጥማት ንቀንዲ መወዳደርቱ ኣርጀንቲናዊ - ሊዮኔል መሲ ከኣ ብሰለስተ ሽቶታት በሊጽዎ ኣሎ።

ብሓፈሻ ሮናልዶ ዛጊት ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት 141 ሽቶታት ብምቑጻር ኣብ ቅድሚት ደርኪቡ፡ 943 ሽቶታት ድማ ኣብ ኩሉ ጉዕዞኡ ኣመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ወላዲት ከይላን ምባፐ፡ ወዳ ንዊሕ ግዜ ብፍቕሪ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ከምዝተሰለበ ገሊጻ፡ "ናብ እንዳ ዓርኩ ንጸወታ ፖርቱጋል ክዕዘብ ንሮናልዶ ክባደፍን ይኸይድ ነይሩ። ምስ ሮናልዶ ፍቕሪ ነይሩዎ። 'ኣነ ፖርቱጋላዊ እየ' ድማ እዩ ዝብል ነይሩ" ክትብል፡ ጽልዋ ሮናልዶ ኣብ ልዕሊ ወዳ ገሊጻ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ናይ'ዚ እዋን ዝኾነ ፈረንሳዊ ምባፐ፡ ሓደ ካብቶም ንሮናልዶ ከም ኣርኣያኦም ዝርእዩዎ ኣሽሓት ተጻወትቲ እዩ።

## ማርሙሽ ካብ ጸወታ ኣንጻር ማን ዩናይትድ ተኣልዩ

ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ዑመር ማርሙሽ፡ ካብቲ ጋንታኡ ሰንበት ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ እተካይዶ ናይ ደርቢ ጸወታ ክበኩር እዩ - ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ።

ማርሙሽ፡ ሰሉስ ምሸት ንሃገሩ ግብጺ ኣብ መጻረዩ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ወከሉ ኣንጻር በርኪና ፋሶ እናተጻወተ እዩ መጉዳእቲ ብርኪ ኣጋጢምዎ። ሰሪዚ ኣብ ታሽዓይ ደቒቕ ዘጋጠሞን ተቐይሩ ክወጽእ ዝቐሰቦን መጉዳእቲ ከኣ፡ ካብቲ ናይ ሰንበት ጸወታ ክበኩር እዩ - ብመሰረት ትማሊ ረቡዕ ጋንታኡ ማን ሲቲ ዘውጸኣቶ መግለጺ።





እዚ መጉዳእቲ፡ ንጓርዲዮላ ናይ'ዛ ጋንታ ፐፕ ጓርደዮላ ሕማም 'መርዘን' ምዃኑ ይግለጽ። ምኽንያቱ ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ ንዎልቨስ ድሕሪ ምርታዓ ኣብ ዝሰዓበ ክልተ ግጥማት ዝተሳዕረት ክለቡ፡ ብርክት ዝበሉ ወሰንቲ ተጻወትታ ቅድሚ'ዚ ኣህጉራዊ ግጥማት ከሰራቶም ብምጽንሓ። እዞም ንኮቫቺች፡ ጋቫርዲዮል፡ ሳቪኞ፡ ቸርኪ፡ ኩሳኖቭ፡ ለዊስን ኦ'ረሊን ከሰራቶም ዝጸንሐት ክለቡ፡ ንእንግሊዛዊ ተኸላኻሊኣ ጆን'ውን ብሰንኪ ናይ ጭዋዳ ጸገም ከይትኸስሮ ይሰግኣ።

## ካላፊዮሪ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ ነሓሰ ተባሂሉ

ሪካርዶ ካላፊዮሪ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ክለብ ኣርሰናል ወርሒ ነሓሰ ተባሂሉ።

እዚ ኢጣልያዊ ናይ ጺጋም ክንፊ ተኸላኻሊ፡ ጋንታኡ ካብ ሰለስተ ቀዳሞት ግጥማት ፕሪመር ሊግ ሽዱሽተ ነጥቢ ክተዋህልል፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። በዚ ከኣ፡ 52 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካቡ ንደቂ ጋንታኡ ጁሪየን ቲምበር፡ ማርቲን ዙቢመንዲን ጋብሪኤል ማጋልሽን በሊጹ ናይ ዝሓለፈት ወርሒ ብሉጽ ተጻዋታይ ኣርሰናል ተጸዊዑ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ራብዓይ ናይ ሊግ ጸወታኣ፡ ቀዳም ንኖቲንግሃም ዓዲማ ክትጻወት እያ።

## "ሊግ ስዑዲ ዓረብ ምስ ፕሪመር ሊግ ማዕረ እዩ" ቶኒ

ኣጥቃዓይ ኣል ኣህሊ - ኢቫን ቶኒ፡ ዝጻወተሉ ዘሎ ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ምስ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ማዕረ ምዃኑ ብምግላጹ፡ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ።

ቶኒ፡ ኣብ ክረምቲ 2024 ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ብረንትፎርድ፡ ናብዚ ሊግ ምስግጋሩ ይዝከር። እዚ ሊግ ከኣ፡ ከምቲ ካልኦት 'ቀሊል' ኢሎም ዝገልጽዎ ከምዘይኮነ እዩ ዝዛረብ።

ንሱ፡ "ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ብዙሓት ሊጋት ኤውሮጳ ብምጽዋቱ፡ ልዕሊ ይፈልጥ እዩ። ኣነ ኣብ ፕሪመር ሊግ ጥራይ እየ ተጻዊተ። ስለዚ ንዓይ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ማዕረ ፕሪመር ሊግ እዩ። ኣል ኣህሊ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንተትህሉ ነይራ፡ ምስ ላዕለዎት ኣርባዕተ ክለባት ምተወዳደረት። ብቐዓት እቲ ሊግ እዩ፡ ሰባት ከቃልልዎ የብሎምን። ኣብ ዋንጫ ክለባት ዓለም



እሉ፡ ኣል-ሂላል ንማን ሲቲ ክትስዕራ ርኢና ኢና።" ኢሉ።

ናብዚ ሊግ ብምምጻኡ ንብዙሓት ሰባት ዝጸለወ ኣጥቃዓይ ኣል ነስር - ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ስዑ "ኣብዚ እዋን ምስቶም ሓሙሽተ ዝዓበዩ ሓሙሽተ ሊጋት ዓለም ኣለና ኢለ እየ ዝኣምን" ኢሉ ነይሩ።

## መኣረምታ

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሉስ ሕታም ዓምዲ ስፖርት፡ 'ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ናብ ጃፓን ኣቕኒዓ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ "ሳምሶን ኣማረ፡ ዕቑብ ክብሮምን ዓብለሎም ከሰተን ኣብ ፍርቂ ማራቶን ክወዳደሩ እዮም" ዝብል፡ "ኣብ ማራቶን ክወዳደሩ እዮም" ብዝብል ክትካእ፣ ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ማራቶን ከም እትወዳደር ምስናይ ይቕረታኡ ንሕብር። ብዘይካ'ዚ፡ ኦሎምፒካዊ መርሃዊ ከሰተ ዝብል ዘሎ፡ መርሃዊ መብራህቱ ተባሂሉ ክእረም፤ ኣብቲ 'ሃገራዊ ውድድር ማውንቴን ባይክ ተኻዪዱ' ዝብል ካልእ ኣርእስቲ'ውን ድባርዋ ሳልሰይቲ ዝብል፡ ጋሽ ባርካ ሳልሰይቲ ተባሂሉ ተኣሪሙ ክንንብብ ንሕብር።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ፖላንድ ምስ ቤላሩስ ንዘራኽባ ዶብ ክትዓጽዎ ወሲና



ፖላንድ ምስ ቤላሩስ ዝራኽብ ዶባ ብጸጥታዊ ምኽንያት ክትዓጽዎ ምዃና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ዶናልድ ታስክ ኣፍሊጡ።

ሩስያን ቤላሩስን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ክካየዳ ኣብ ዝቐራረባሉ ዘለዋ እዋን እዩ፡ ፖላንድ ዶባ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ክም እተወሰደ ትገልጽ ዘሎ።

ካብ 12 ክሳብ 16 መስከረም ኣብ ምዕራብ ሩስያን ቤላሩስን ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ክልቲኤን ሃገራት፡ ንጸጥታኣ ስግኣት ምዃኑ ዝተቓወመት ፖላንድ፡ ሓለዋ ዶባ ከም እተሓየለ'ውን ኣፍሊጣ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ታስክ፡ "ንሃገራዊ ድሕንነትና ክንብል ዶብና ናብ ቤላሩስ ዝወስድ መንገዲ ባብርን ክንዓጽዎ ኢና፡ " ኢሉ።

ይኹን እምበር፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቤላሩስ ኣብ ዝሓለፈ ሓብሬታ፡ እቲ ምስ ሩስያ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ንወተሃደራዊ ዝምድናኦን ካብ ምድንፋዕ ሓሊፉ፡ ንኻልኦት ሃገራት ብኣሉታ ከም ዘይጸሉ ገሊጹ።

ፖላንድ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣሽሓት ወተሃደራት ዝተሳተፍዎ ወተሃደራዊ ልምምድ ምኪያዳ ዝዝከር እዩ።

ድሕሪ ምውዳእ ኲናት ዩክሬን፡ ጸጥታ ምብራቕ ኤውሮጳ ኣሰካፊ እናኾነ ስለ ዝመጸ፡ ሃገራት ናይቲ ዞባ ወተሃደራዊ ዓቕመን የደንፍዓ ምህላወን ጸብጻባት የረድኡ።

## ማክሮን ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ሸይሙ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ንሚኒስተር ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ዝነበረ ሴባስቲያን ለኮርኑ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ክኸውን ዝሓለፈ ሰሉስ ከም ዝሸሞ ኣፍሊጡ።

ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ፕረዚደንት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ማክሮን ንለኮርኑ ባጀት ናይ'ታ ሃገር ንኸጽድቕን ንጉዳዊ ንጥፈታት ንቐድሚት ንኸሰጉምን ሓላፍነት ከም ዝሃቦ ሓቢሩ።

ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት መበል ሓሙሻይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ዝተሸመ ወዲ 39 ዓመት ለኮርኑ፡ ኣብታ ሃገር እናናሃፍአ ዝኸይድ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምፍታሕ ዓቢ ብድሆ ይጸንሖ ከም ዘሎ ገሊጹ።



እቲ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ መግለጺኡ፡ "ፕረዚደንት ማክሮን ንጹሩ ኣንፈት ዘለዎ መንግስቲ ንምህናጽ ዕማም ሂቡኒ ኣሎ" ኢሉ።

ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ታ ሃገር ብወገኖም፡ ማክሮን ምስ ለኮርኑ ጽቡቕ ምቅርራብ ከም ዘለዎ፡ በዚ ምኽንያት ድማ ናብ ስልጣን ከም ዘደየቦ ይወቕሱ ኣለው።

ሓላፊ ባጀት ፈረንሳ ፊሊፕ ብሩን ብወገኑ፡ "ውልቃዊ ባህርያት ሰባስቲያን ለኮርኑ ብዘየገድስ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ክኸውን ምርቁሑ ንባይቶ ናይ'ታ ሃገር ዓቢ ጸገም'ዩ" ኢሉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዝነበረ ፍራንሱዋ ባይሩ፡ ንዕዳ ናይ'ታ ሃገር ንምቕናስ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ካብ ባጀት ፈረንሳ 51 ቢልዮን ዶላር ክንኪ፡ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ብሃገራዊ ባይቶ ፈረንሳ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ከም ዝተገበረ እዩ ዝግለጽ።

## ቀዳማይ ሚኒስተር ኔፓል ካብ ስልጣኑ ወሪዱ

ኣብ ኔፓል፡ ብሰንኪ እቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ናይ ተቓውሞ ናዕቢ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ኬፒ ሻርማ ኦሊ ካብ ስልጣኑ ከም ዝወረደ ሓቢሩ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሰኑይ ዝጀመረ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ሰልፈኛታት ምስ ፖሊስ ብምርጻሞም ብውሕዱ 19 ሰባት ክሞቱ ከለው፡ ካልኦት ብኣማኢት ዝቚጸሩ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተገሊጹ።

እቲ ህዝባዊ ናዕቢ ኣብ መጀመርታ ብሰላማዊ መንገዲ እኳ እንተ ጀመረ፡ ፖሊስ ናብ ሰልፈኛታት ናይ ጎማ ጥይትን ዘንብዕ ጋዝን ክትኩሱ ምስ ጀመሩ ግና ናብ ግጭት ከም ዝተሰጋገረ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እቲ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ መንግስቲ 26 ማሕበራዊ መራኸቢታት ክዓጹ ዝሓለፈ ሰሙን ውሳነ ድሕሪ ምሕላፉ እዩ ጀሚሩ።

ዋላ'ኳ እቲ ውሳነ ከም ዝተሰረዘ እንተ ገለጹ ብሰንኪ ኣብቲ መንግስቲ ሰርሰዱ ዘሎ ፖለቲካዊ ብልሽውና ግና፡ እቲ ናዕቢ ደው ክብል ከም ዘይከኣለ'ዩ መርበብ ሓብሬታ ኣልጀዚራ ዝሕብር።

ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ራሜሽ ሌካክ እውን ኑቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ስዒቡ ካብ ስልጣኑ ከም ዝለቐቐ ይግለጽ ኣሎ።

ኣዛዚ ሰራዊት ኔፓል ኣሾክ ራጅ ሲግደል ድማ፡ እቲ ናዕቢ ተወሲኺ ሞትን ክሳራ ኣብ ንብረትን ከየስዓበ እንክሎ፡ ናዕበኛታት ኑቲ ጎጻዊ ተግባሮም ደው ክብሉዎ ጸዊዑ።



## እስራኤል ኣብ ቀጠር መጥቃዕቲ ፈጺማ

እስራኤል፡ ኣብ ዶሓ - ዋና ከተማ ቐጠር ንመራሕቲ ሓማስ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ኣየር ከም ዘካየደት ኣፍሊጣ።

እቶም መራሕቲ ሓማስ፡ ብዛዕባ ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ ቃዛ ንምዝርራብ ኣብ ኣኼባ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን'ዩ እቲ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ።

ሰራዊት እስራኤል ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ቅትለት ቀጥታዊ ሓላፍነት ዝስከሙን ኑቲ ኣንጻር እስራኤል ዝካየድ ኲናት ዝህንድሱን ዘመሓድሩን እዮም፡" ኢሉ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቐጠር ድማ፡ ኑቲ መጥቃዕቲ፡ "ቅሉዕ ጥሕሰት" ብምባል ብትሪ ኮኒኑዎ ኣሎ።

ሓማስ ብወገኑ፡ መራሕቱ ግዳይ መጥቃዕቲ እስራኤል ከም ዘይኮኑ ሓቢሩ።

ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሓማስ



ሲሂላውያን ክወርድ ንዘኽእል ጉድኣት ንምውጋድ ስጉምቲ ተወሲዱ'ዩ፡ ሓደ ካብኦም ድማ፡ ኣፍጻሚሩ ዝዘርም ተተኳሲን ተወሳኺ ስለያዊ ሓበሬታን ምጥቃም እዩ፡ " ኢሉ።

ኣስዒቡ ድማ፡ "ሓይልታት ምክልኻል እስራኤልን ትካል ጸጥታ እስራኤልን ዒላማኦም ብግቡእ ዝወቐዐን ናብ ሳዕለዋይ መራሕቲ ኣሸባሪ ውድብ ሓማስ ዘጸጸረን መጥቃዕቲ ኣካይዶም። እቶም ኣባላት መራሕቲ ሓማስ፡ ንስርሒታት ውድብ ዝመርሑን፡ በቲ ብ7 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን ዝተፈጸመ ጃምላዊ ስሂዩል ኣል-ሂንዩ፡ በቲ መጥቃዕቲ ገለ ኣባላት ከም ዝተቐትሉ እኳ እንተ ገለጹ፡ ካብ ላዕለዎት መራሕቲ ብህይወት ዝተረፉ ከም ዘለዉ ግና ኣተንቢሁ።

ብኻልእ ወገኑ ኢምባሲ ኣመሪካ ኣብ ቐጠር፡ ኑዮም ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዜጋታቱ ኣብ ውሑስ ቦታ ክዕቆቡ መምርሒ ኣውጺኡ'ሎ።

ቐጠር ምስ ግብጺን ኣመሪካን ብምትሕብባር፡ ኑቲ ኣብ ቃዛ ዝካየድ ዘሎ ኲናት ደው ንምባል፡ ኑቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ዝካየድ ዘሎ ዘተ ከተሳልጥ ከም ዝጸንሐት ይፍለጥ።

## ኣብ ዩክሬን ብደብዳብ ቦምባ ሓያሎ ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም

ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ብሩስያ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ቦምባ፡ ደሞዝ ንምውሳድ ራጋ ተሰሪዖም ዝነበሩ 24 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ካልኦት 19 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ደብዳብ ቦምባ ኣብ ከባቢ ዶብ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ እትርከብ ያሮቫ ዝተባህለት ቁሸት እዩ ተፈጺሙ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ብዛዕባ እቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ ጽሑፍ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ኑቲ መጥቃዕቲ ክኹንኖን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ቁጠባዊ ማዕቀብ ክጽድቕን ተማሕጺኑ።

እቲ ፕረዚደንት፡ "ዓለም ስቕ ክትብል የብላን፡ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ ሃገራት ጉጅለ 20፡ ንመጥቃዕቲ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ግብረ መልሲ ክህባሉ ክኽእላ ኣለወን" ኢሉ።

ብኣመሪካ ዝምራሕ ጻዕርታት ንሰላም፡ ዝኾነ ምዕባለ ኣብ ዘየርእየሉ ዘሎ እዋን፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን እተካይዶ ደብዳብ ኣጻዒፋዓቶ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብዚ ንሰለስተ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት፡ ልዕሊ 12 ሽሕ በርጌስ ዩክሬናውያን ተቐቲሎም ኣለው።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ዶናልድ ታስክ፡ ክሊ ኣየር ሃገሩ ብዝጠሐሰ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሩስያ ይጠቓለል ከም ዘሎ ብምውቃስ፡ ሰራዊቱ ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዘሎን ንገለ ካብ ድሮናት ሩስያ ተኲሱ ከም ዘውደቖን ገሊጹ።



ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ቅሳነት
ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ
ፋርማሲ ማይ ተመናይ

ዕለት
11/09/2025

ጎደና
ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል
ጎደና 173-18ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕ ጃሕ ጥቃ ህዝባዊ ቤት ንባብ
ጎደና ዓዲ ኣበይቶቁ.315 ቋባቢ ቤተክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ

ቁ.ስልኪ
110911
127582
08370134

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565